# ድሕነት

<u>ንሰላም፡ንዲሞክራሲ፡ ንፍትሒ፡ ንማዕርነት፡ ንምዕባለ፡</u>

***ብቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ትዳሎ ክልተ ወርሓዊት መጽሄት፡***

***ሕታም ወርሒ፡ጥሪ-ለካቲት*** 2012፡ ቁ.1

***ዓወት ንፖለቲካዊ ውሳኔታት ቀዳማይ ጉባኤ!**
***ሓድነት መተካእታ ዘይብሉ እንኮ ምርጫ'ዩ!**

* ***ርእሰ-ዓንቀጽ***
* ***ቃለ-መሕተት ምስ ዶ/ር ዮሱፍ ብርሃኑ፡***
* ***መስቀል ዘባህርሮ ሰይጣን ብኸመይ ንመስቀል ይጣበቕ?***
* ***ደርፍታት ህግደፍን ትሕዝትኦምን፡***
* ***እቶም ሰብ ሪም***

## ***ርእሰ-ዓንቀጽ***

# ግደ መንእሰይ ኣብ ለውጥን ምዕቃብ ክብርታት ህዝብን ሃገርን!!



*ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ኩሉ ሃገር ከደን ክብርታትን መንነትን ኤርትራውያን ባሕጕጉ ናይ ባዕሉ ስናዕ ንማንም ኤርትራዊ ዘይውክል ህግደፋዊ ባህሊ ኣብ ምህናጽ ምጽንሑን ይቕጽሎ ከምዘሎን ኣብነት ምጥቃስ ዘድልዮ ጉዳይ ኣይኮነን። እዚ ከኣ ማኣሰር ሃገርና ብሰንኪ ሃላሊ ምሕደራ ስርዓት ህግደፍ ናብ ዘሰክፍ ኩነታት ገጹ ይወርድ ከምዘሎ ኩሉ ብህዝቡን ሃገሩን ዝግደስ ኤርትራዊ ዝከታተሎ ዘሎ ሓቂ'ዩ። ንማሕበረሰብ ዓለም'ውን ዝተጋህደ'ዩ።*

*ጉዕዞን ቀጻልነትን ስርዓት ህግደፍ ስልጣን ብኢ.ደ-ወነኑ ዓትዒቱ ካብ ዝሓዘሉ ብፍላይ፡ ብሓፈሻኡ ድማ ብባህሪኡ፡ ካብ ኣማዓባብልኡ ጀሚሩ ሒዝዎ ዝመጸ ድቂ ክፍኣት፡ ንሰላምን ፍትሕን ማዕርነትን ቅሩብ ዘይነበረ፡ ንተመላኽነቱን ተበላጽነቱን ጎብለል ናይ ምኳን ሕልምታቱን ብሓይሊ ንኽተግብር ህርዲግ ክብል ዝጸንሐ እምበር፡ ጉዳይ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝዓጦ ስርዓት ከምዘይኮነ ኣብ ባይታ ይርአ ኣሎ።*

*ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ብሰላማዊ መንገዲ ሓቲቱ ዘይሰለጦ ነጻነቱ ብዝተናውሐ ብረታዊ ቃልሲ፡ ኣሽሓት መንእሰያት በጃ ናጽነት ከፊሉ ኣኽሊል ሃገራዊ ናጽነቱ ዓቲሩ እዩ። እወ! 1991 መላእ ኤርትራ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሓራ ኮይና። ዓቢ ብስራት ተበሲሩ። ህዝቢ ኤርትራ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ጨዲሩን ሓጎሱ ገሊጹን። እንተኾነ ግን እቲ ሓቍፉን ተንከባኺቡን ዘቃለሶም ህዝቢ ኣብ ስልጣን ምስ ሓኾሩ ጥልመት ኣብ ልዕሊኡ ፈጺሞም። ተቃሊሱ ዘቃለሰ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ኣብ ክንዲ ጻምኡ ዝፍደ፡ ኣብ ገዛእ ሃገሩ ተሸቚሪሩ  ኩሉ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ተሓሪምዎ፡ ክሳዱ ኣድኒኑ ጊላ ናይቲ ስርዓት ክኸውን ተፈሪድዎ ኣሎ።*

*ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ መንእሰይ ድማ ብፍላይ ገደብ ዘይብሉ ሕሰም-መከራ ይወርዶ ኣሎ። እቲ መንእሰይ ኣብ ሃገሩ ምንባር ብሰንኪ ብልሽው ምሕደራ ስርዓት ህግደፍን ወሰን ዘይብሉ ኣገልግሎትን ተማሪሩ ናብ ስደት ብብዝሒ ይውሕዝን ኣብ ሳሃራን  ባሕርታትን ህይወቱ ይሓልፍ፡ ኣደዳ ሸፋቱን ከተርትን ይኸውን ኣሎ። ኣብ ገሊኡ ክሳብ ኣካላቱ ተጠቢሑ (ኮላሊቱ) ናብ ዕዳጋ ይሸየጥ ኣሎ።*

*ሎሚ ኣብዚ ዕድመ ስልጣኑ ኣብ ምሽምራር በጺሑ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ መቐጸልታ ባህርያቱ ብዝኸፍአ መልክዕ ኣብ ልዕሊ መንእሰይ ንዘብጽሖ ዘሎ ሽግራት ንምግታእ እቲ መንእሰይ ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ ውዳበታቱ ብምውህሃድን ምጥንኻርን፡ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ንምህናጽን ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ድምጹ ከስምዕ ይግባእ። ኮምኡ'ውን መንእሰይ ወለዶ ተረካቢ ሕድርን ሃገርን ብምኳኑ ግደኡ ከበርክት ይጽንሓለይ ዘብል ጉዳይ ኣይኮነን።*

*ንኩሉ መልክዓት ኤርትራ ማእከል ዝገበረ መቃለሲ ባይታ፡ ደምበ ተቓውሞ ንምሕያልን ኣብ ሃገርና ደሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካልን ዝዓለመ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ብዝብል ጉባኤ ተኻይዱ'ዩ። ዕዉት ጉባኤ ድሕሪ ምክያዱ ባይቶ ቀይሙ መሪሕነቱ መሪጹ ተግባራዊ ንጥፈታት ጀሚሩ ኣሎ። ኣብዚ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ኩሉ ኤርትራዊ ብፍላይ ድማ እቲ ተጠቃዒ ኮይኑ ዘሎ መንእሰይ ግደኡ ኣብ ለውጥን ምዕቃብ ክብርታት ህዝብን ሃገርን ልዑል ምኳኑ ከስተብህል ይግባእ።*

***<u>መጽሄት ድሕነት፡</u> ምስ ዶክተር የሱፍ ብርሃኑ ኣቦ–መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጥን ኣባል ፈጻሚ ኣካልን ሓላፊ ወጻኢ ዝምድናታት ግሃድኤን ኣብ ስትድዮኣ ብምዕዳም ሓፈሻዊ ኩነታት ጉባኤ ሃዋሳን መጻኢ ኣንፈቱን ተሳትፎ መንእሰያት ኣብ ቃልስን ኣብ ደረጃ ባይቶ ዝተሓንጸጹ መደባትን ኣመልኪታ ቃለ-መሕተት ኣቕሪባቶ’ላ ሰናይ ንባብ!!!***

---

***ድሕትኑ ካብ 21—30 ሕዳር 2011 “ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ “ብዝብል ስያመ ኣብ ሃዋሳ ጉባኤ ተኻይዱ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ምምስራቱ ብወግዒ ተሓቢሩ ኣሎ። እዚ ዝቖመ ባይቶ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ከም ዓቢ ዓወት’ዩ ተመዝጊቡ ዘሎ፡፡ ናብዚ ንምብጻሕ ዘጋጠሙ መሰናኽላት እንታይ ነይሮም። ዋዕለኛ“ኸ ብከመይ ገጢምዎም?***

**ዶ/ር የሱፍ ብርሃኑ=** ብሓቂ እዚ ኣብ ሃዋሳ ዝተኻየደ ጉባኤ ዕዉት ክባሃል ዝካኣል ጥራሕ ዘይኮነ ብርግጽ’ውን እዩ ክብል ይኽእል። ዕዉት ዝገበሮ ከኣ ቡዙሕ ረቛሒታት ኣሎ፡፡ እዛ ሕቶ እዚኣ ኣገዳሲት ሕቶ ስለ ዝኾነት ምናልባት ብስፍሕ ዝበለ መልሲ ክህበላ ይፈቱ። ቅድሚ እቲ ኣብ ሃዋሳ ዘካየድናዮ እንታይ ነይሩ ውጽኢቱ እንታይ ነይሩ ትሕዝቶኡ እንታይ ነይሩ መልክዑ ቅድሚ ምእታወይ እቲ ቅድመ ባይታ ናብ’ዚ ጉባኤዚ ዘብጻሓና እንታይ ነይሩ ዝብል ሕቶ ከልዕል እፈቱ። ዓሚ ቅድሚ ዓመትን ሽዱሽተ ወርሕን ዝኸውን ዋዕላ ብሰለስተ ሚእትን ሳላሳን ኣባላት ካብ ኩሉ ኩርናዓት ተመሪጾም ዝመጹ ኣብ ኢትዮጵያ ዘካየድናዮ ጉባኤ እምነ-መሰረት ናይዚ ሎሚ ኣብ ሃዋሳ ዘካየድናዮ ምንባሩ ክጠቅስ እደሊ። ኣብቲ ዓሚ ዝገበርናዮ ብዛዕባ’ቲ ኩሉ ኣብ ልዕሊ ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ተፈጺሩ ዘሎ ግህሰትን ብሰንኪ’ቲ ዲክታተርያዊ ስርዓት ኣብ ኤርትራ ዝፈጠሮ ዝተሓላለኸ ማሕበራውን ቁጠባውን ፖለቲካውን ሽግራት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ወሪዱ ዘሎ ጸገማትን ብዛዕባኡ ተመያይጡ። ከምኡ’ውን ብዛዕባ’ቲ እኪይ ፖለቲካ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝወርድ ዘሎን ንክሰርጽ ዝውጠን ዘሎን ማለት ብኻልእ ኣዘራርባ ብኣውራጃ ብዓሌት ብሃይማኖት እንዳፈላለኻ ኣብ ክንዲ ንሓድነት ህዝቢ ምቅርራብ ናይ ምርሕሓቕ ፖለቲካ ብህግደፍ ዝስራሕ ዘሎ ኣብ ግምት ወሲዱ ብዛዕባ እዞም ጉዳያት እዚኣቶም እቲ ዋዕላ’ቲ ዕሙቕ ዝበለ ክትዓት ኣካይዱ። እቶም ኣብቲ ዋዕላ ዝተሳተፉ ጉባኤኛታት ልቢ ንልቢ ተዋሃሂቦም ብግልጺ ኩሉ ሽግራቶም ኣስላሞም ይኹኑ ክርስትያኖም ደቂ ከበሳ ይኹኑ ደቂ መታሕቶም ኩሎም ተጋቢኦም ዝነበሩ ብከምዚ መልክዕ ነቲ ጉዳይ ቀሪቦምን ብዕምቆት ተላዚቦምን መደምደምታ ዝገበርሉ ዋዕላ ብምንባሩ፡ ነዚ ኣብ ሃዋሳ ዝተገብረ ዕዉት ጉባኤ መንጸፍን ጠቓምን ኮይኑ ጸኒሑ’ዩ። ኣብርእሲ’ዚ ትዝክር ኢኻ ዓሚ እቲ ዋዕላ ምስ ኣካየድና ንመሰረት እማመና ባይታ ዝፈጥር ሓንቲ ኮሚሽን 53 ዝኣባላታ ቆይማ ማለት’ዩ፡ ድኻማት ነይርዋ’ዩ ኣብ ስራሕ ዘሎ ኣካል ድኻማት ክህልዎ ባህርያዊ ብምኻኑ ከም ቅቡል ተወሲዱ። እዛ ኮሚሽን ምስ ኩሉ ድኻማታ ነዚ ውጽኢት ናይ ጉባኤ 50 ካብ ሚኢቲ ኣሰላሲላቶ’ያ። ምኽንያቱ ናብዚ ጉባኤ ክንኣቱ ሰነዳት ሒዝና ኢና ኣቲና እዞም ሒዝናዮም ዝኣተና ኣርባዕተን ኣገደስትን መሰረታውያንን ሰነዳት እቲ ኮሚሽን ብመጽናዕቲ ዘቕረበቶምን ነቲ ጉባኤ’ውን መሰረት ኮይኖም ብምንባሮም ብክፉት ልቢ ዝተኻታዕናሎም ብምንባሮምን ዳርጋ 50%ካብዚ ናይ ሃዋሳ ጉባኤ እቲ ኮሚሽን ኣሰላሲልዎ’ዩ፡፡ ናብታ ቀዳመይቲ ሕቶኻ ክምለስ እቲ ጉባኤ ዕውት ነይሩ ክንብል እንከለና ኣስታት 600 ዝኣኽሉ ደቂ ሃገር ካብ ኩሉ ኩርናዓት ናይ ዓለም ማለት ካብ ካናዳ ኣትሒዝካ ኣሜሪካ ኤውሮጳ ኒውዝላንድ ዝሓወሰ ኣውስትራልያ ማእከላይ ምብራቕ፡ ሃገራት ዓረብን ከምኡ ውን ከባቢና ቀርኒ ኣፍሪቃ ወከልቲ ናይ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ዓበይቲ ደቂ ሃገር ብተመክሮ ዝበሰሉ ካብ መራሕቲ ሃይማኖት ካህናትን መሻይኽን ወዘተ ዝተረኽብሉን ዝተሓወስዎን



*ዶ/ር የሱፍ ብርሃኑ*
*ኣቦመንበር ፈጻሚ ኣካል ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጥን*
*ሓላፊ ወጻኢ ጉዳያት ግሃድኤን*

ጉባኤ ብምንባሩ እዚ ንገዛእ ርእሱ ሓደ ንኡስ ስእሊ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ስለዝኾነ እዚ እቲ ዝዓበየ ዓወት ነይሩ ክንብል ንኽእል። እዚ ዝተጋበአ ሃገራዊ ዜጋ እንታይ‘ዩ ተዛትዩ? እንታይ እዩ ወሲኑ? ንዝብል ሕቶ፡ ቀዳማይ ነገር ኣብ ኤርትራ ሕሰማት ንዝዘርእ ዘሎ ስርዓት ብከመይ ተወግዶ ዝብል’ዩ። እዚ ኣብዝሓጸረ ግዜ ተተግቢሩ ኤርትራ ብሕግን ዲሞክራስን እትምራሕ ንምግባር’ዩ። እዚ መሰረት ኮይኑ ከምቲ ዓንተቦይ ዝገለጽኩልካ እቶም ሰነዳት ኣገደስቲ ሰነዳት ኮይኖም ንሕጊ ህላውኡ እንዳ ተጣበቕና ብዘይ ሕጊ ባይቶ ከነቑውምን ብዘይ ሕጊ ክንምራሕን ግቡእ ብዘይ ምኳኑ መጀመርያ ንዓና ዝጠምረናን እንምራሓሉን ክኸውን ፡ ሓደ ንዓና ስፍሕ ዝበለ ሕጊ ህንጻ ብኸመይ ከም እንምራሕን ከስራሓና ዝኽእልን ሕጊ ህንጻ ኣጽዲቕና። ካልኣይ ሓደ ቻርተርን ኣገዳስን ጸዲቑ’ሎ። እዚ ነቲ ዝነበረ ውድበይ ውድብካ መዕገቲ ክኾኖን ኣብ ሓደ ጽላል ክጠምሮን ተኽእሎ ኣሎ። እዚ ማለት ግን ውድባት የለዋን ማለት ኣይኮነን ክህልዋ እየን ናተን ኣበርክቶን ስራሕን ዕማምን ኣለወን ብፕሮግራመን ድማ ቀጻሊ’ዩ። እዚ ተፈጢሩ ዘሎ ጽላል ግን ኩሉ ውድባት ይኹን በርጌሳዊ ማሕበራት ከምኡ’ውን ውልቀ ሰባት ይኹኑ ኩሉ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ዝጠምር ሰፊሕ ጽላል ስለ ዝኾነ ነዚ ጽላል እዚ ዝገዝእ ኣቕዋማ ክህልዎ‘ውን ስለ ዘለዎ እቲ ኣቕዋም ውን ኣብ ሕጊ ዝመሰረቱ ቻርተር ክምርኮስ ግድን’ዩ። ስለዚ ቻርተር ኣለና እዚ ቻርተር እዚ ድማ ሕግና’ዩ። ኣብዚ ብዝታሓተ ስምምዕ ንኩላትና ክኣስረና ዝኽእል ዘይፈላልየና ማለት ውድቀት ናይዚ ስርዓት፡ ሓድነት ኤርትራ ምእማን፡ እዚ ኣብ ኤርትራ ተወጺዔ ዝብል ኣካል ዝደለኻ ስያሜ ክትህቦ’ውን ትኽእል ኢኻ ብሄራዊ መልክዕ ክንሰምዮ ንኽእል ካልእ መልክዕ ውን ክንሰምዮ ንኽእል ብዘየገድስ መሰላቱ ክሕለወሉ ከም ዘለዎ...ወዘተ ኣብ ሓደ ርድኢት ክንበጽሕን፡ **<u>እዚ ነቲ ጽባሕ ኣብ ሃገርና ክህሉ እንደልዮ ሕጊ ወይ ቅዋም ኣብ እነተግብረሉ ነዚ ኩሉ ሽግራት ኣብ ግምት ኣእትዩ ብኡኡ ኻኣ ኣብ ሕጊ ሰፊሩ ብሕጊ ዝማሓደረሉ ኣገባብ ክንርኢ ከም ዘለና’ዩ ዘመላኽት</u>**። ብሓጺሩ እዚ ቻርተር ናዓና ካብዚ ሕጂ ጀሚሩ ክሳብ ውድቀት እዚ ዲክታተርያዊ ስርዓት ዝገዝኣና’ዩ። እዚ ቻርተር ኣብ ሃገራዊ ተረድኦ ዝተሰረተን ሃገራዊ ትካል ዝመሰረቱ ብምኳኑን ንኹሉ ደላይ ለውጢ ዝጠምርን ናይ ሓባር ሕግን’ዩ። ኣብ ፖለቲካ ስለ ዘለኻ ደስ ኢልካ እትገድፎን ጥዒሙካ እትቕጽሎን ከይከውን ምእንቲ ሓደ ራኢ ንኹሉ ጠማሪ ክህሉ ኣለዎ። እዚ ራኢ ናይ ሮድ ማፕ ማለት መሪሕ ሓሳብ ውጥን’ዩ። እዚ ኣገዳሲ ሰነድዩ፡ ኣብዚ ሰነድ እዚ ዘስፈሮ ነገራት እንተ ሃልዩ ንመቓን ግዜ ብመድረኻት ፈላልዩዎ ኣሎ። ካብ ሕጂ ክሳብ

ውድቀት እዚ ስርዓት ከም ሓደ መድረኽ ተገሊጹ’ሎ ኣብ ውድቀት እዚ ስርዓት ባዶነት ናይ ስልጣን ከይህሉን መሰጋገሪ መንግስቲ ብኸመይ ክቐውምን ህዝብና ኣብዚ ጉዳይ ብኸመይ ክዋሳእ ከምዘለዎን ዝቐውም ግዝያዊ መንግስቲ ናቱ ሕገ ህንጻ ሃልይዎ ክሳብታ ሳልሰይቲ መድረኽ ዝሳገር ብኸመይ ይኸይድ ድሮ እዚ ተነጺሩ ኣሎ ማለት’ዩ። እዚ መድረኻት እዚ ምስተዛዘመ ምምስራት ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ብስልጣን ህዝቢ ምስተረጋገጸ እቲ ዕላዊ መንግስቲ ምቛም ፖሎቲካዊ ፓርትታትን ካልእን ይፍጽም ማለት’ዩ። ነዚ እቲ ባይቶ ብንጹር ርእዩ ኣሎ ከመይ ገይሩ ኣብ ተግባር የንብሮ ድማ ክቃለሰሉ ጀሚሩ’ሎ ማለት’ዩ።

***ድሕነት=ኣብ ፖለቲካዊ ንድፊ ማለት (ሮድ ማፕ)መሪሕ ሓሳብ ካብ ምልካውነት ናብ ዲሞክራስያውነት ብምባል ንመድረኻት ለውጢ ኣብ ሓሙሽተ መድረኻት መቓቒልዎ ኣሎ። ካብ 1999 ቀጺሉ’ውን ኤድኪ ። ኣብ 2011 ድማ ምዕዋት ሃገራዊ ጉባኤ ድሕሪ’ዚ ምውዳቕ ምልካውነት ብምባል ንድፊ ኣቕሪቡሎ ። እዚ መሪሕ ሓሳብ’ዚ ኣብ ምውዳቕ ምልካውነት ኣብ***
***ደምበ ተቓውሞ ንዘሎ ኣበርክቶ ቃልሲ ጥራሕ ዝጠምር’ድዩ ወይ ነቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር’ውን ክኸሰት ንዝኽእል ናይ ለውጢ ክስተት’ውን ዘጠቓልል’ዩ?***

***ዶ/ር ዮሱፍ=*** ከምቲ ክገልጾ ዝጸናሕኹ እዚ ተበግሶታት’ዚ በተን ነባራት ውድባት ዝተጀመረ’ዩ። እዚ ሓሳብ ናይ ዋዕላ ቅድሚ ዓመትን ፈረቓን ዝተገብረ’ዩ። ጠቕላላ ዓወቱ ናይዚ ዋዕላ’ውን ከም ሓሳብ ቅድሚ 12 ዓመታት ኣቢሉ ተጠኒሱ ዝነበረ ሓሳብ‘ዩ። ነዚ ሓሳብ እዚ ከም ሓሳብ ዘልዓለ ውድብና’ዩ ነይሩ። ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ከለና ኣትሒዝና ዘልዓልናዮ ሕቶ’ዩ ነይሩ። ኣብ ግዚኡ ብዙሕ ውረድ ደይብ ስለ ዝነበሮ ኪዳን ምስ ተመስረተ’ውን ብውድብና ይኹን ብካልኦት ውድባት ተላዒሉ ክዝረበሉ ዝጸንሐ’ዩ። ግን ማዓልቱ ስለዘይኣኸለን ኣብ ደንበ ተቓውሞ ንባዕሉ ንሓድነት ዘእንፍት ናይ ኣረኣእያ ቅሩብነት ስለዘይነበረን እዚ ጉዳይ ተመጢጡ ማለት’ዩ። ዳርጋ ብዘይ ምግናን ኣብዛ ነጥቢ እዚኣ ንምብጻሕ 12 ዓመታት ወሲዱልና ማለት’ዩ። ሎሚ ኣብዚ ዘሐጉስ ተረድኦ ምብጻሕና ጹቡቕ ድሪኺት’ዩ። ዋጋ’ውን ተኸፊልዎ’ዩ። እዚ ብጽብብ ዝበለዩ ጀሚሩ ቀጺሉ እንዳሰፍሐ እንዳሰፍሐ ዳሓር’ውን በርጌሳዊ ማሕበር ተሓዊስዎ ኣብ ኪዳን ዘለዋን ወጻኢ ኪዳን ዝኾና ውድባትን’ውን ተሓዊሰነኦ ብዓቢኡ’ውን መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ነዚ ሓሳብ’ዚ ከም ናቶም ሓሳብ ወሲዶም ዝናኣድ ኣበርክቶ ገይሮሙሉን ይገብሩ ኣለውን ማለት’ዩ። ስለዚ ብመሰረቱ ሃገራዊ ጉዳይ ክሳብ ዝኸነ ንሓደ ዘቕርብን ንሓደ ዘርሕቕን ኣይኮነን። ኩሉ ዘሳትፍን ሃገራውን ናይ ሓባር ኤርትራዊ ደንበ’ዩ። እዚ ነቲ ኣብ ሃገሩ ዘሎ ኩሉ ኩነታት ዘሸቑርሮን ኣንጻር ዲክታተርነት ብመንፈስን ብኣካልን ደው ዝበለ ወገን ናቱ ደንበ’ዩ። ምናልባት ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝርከብ ህዝብና ኣይተሳተፎን ክሳተፍ’ውን ክውንነቱ ኣየፍቅደሉን’ዩ። ግን ንሓደ ውድብ ወይ ንክልተ ውድብ ወይ በርጌሳዊ ማሕበራት ጥራሕ ዝምልከት ኣይኮነን እዚ ሰፊሕን ሃገራዊ ነጥቢ ማእከል ዝገበረን ብምዃኑ ነቶም ኣብ ወጻኢ ብምዃን ዝሓሸ ናይ ምዝራብ ዕድል ዝረኸብና ጥራሕ ዝምልከት ዘይኮነ ነቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኣፉ ተዓቢሱን ተጨቂኑን ዝነብር ዘሎ’ውን ጉዳዩ’ዩ። እዚ ምድላዋት’ዚ ነቲ ጽባሕ ክፍጠር ዝካኣል ባዶነት ንምዕጻው ድሕሪ ውድቀት እዚ ስርዓት’ዚ ዝርገትን ኣልቦነት ሕግን ካይህሉ እቶም ኣብ ውዳበን ጥምረትን ዘለና ብሓደ ኣረኣእያ ኣብ ሃገራዊ ነጥቢ ብምሓዝ ነቲ ንዓናን ነቲ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳሩ ዘሎ ህዝብን ንዝበጽሕ ዘሎ ስቅያትን ንምግታእ’ዩ፡።

***ድሕነት፡ ሐራይ ክቡር ዶ/ር ዮሱፍ ብርሃኑ፡ ኤዲኪ ድሕሪ’ዚ ጉባኤ ኣገዳስነት የብሉን ዝብሉ ወገናት ኣለው። መጻኢ ኪዳን ብኸመይ ክታሓዝ’ዩ?***

**ዶ/ር ዮሱፍ፡** እዚ ሕቶ ምናልባት ኣካታዒ ክኸውን ይኽእል’ዩ። ክንግንዘቦ ዘለና ግን ሓደ ጉዳይ ኣሎ፡ እዚ ሕጂ ተፈጢሩ ዘሎ ናህሪ ናይ ኣረኣእያ ውጽኢት ክንሕልዎ ኣለና። ሕጂ ተመሊስና ናብ ሓሸውየ ክንኣቱን ኪዳን’ባ ባይቶ’ባ እንዳበልና ኣብ ስራሕና ዘወንዝፍ ነጥቢ ክንኣቱ ቅኑዕ ኣይኮነን። ኪዳን ብሕጊ ዝተመስረተ ትካል’ዩ። ክፈርስ ተኾይኑ’ውን ሕጋውነቱ ሓልዩ’ዩ ክፈርስ ዘለዎ፡ ኣብዚ ዕዉት ጉባኤ’ዚ ሙሉእ ሓይሊ ኪዳን ነይሩ’ዩ። ንምዕዋቱ’ውን ዓቢ ኣበርክቶ ዝገበረ ትካል’ዩ፡ ኪዳን ምስ ኩሉ ድኽመታቱ ብዘየገድስ ዓሚ ዝተገብረ ዋዕላን እዚ ሕጂ ዝተፈጸመ ሃገራዊ ጉባኤን ውጽኢት ኪዳን’ዩ፡፡ ኪዳን ንገዛእ ርእሱ ኣብ ባይቶ ተወኪሉ ስለ ዘሎ፡ ኣብ መድረኽ ናይ ትራንስፎርሜሽን ኢና ኣቲና ዘለና። እቲ ቅድም ዝነበረ ኣብ ውድባት ጥራሕ ዝተወሰነ ጽላል ንዕኡ ኣስፊሕና ንርእዮ። ኣብ ካልእ መድረኽ ኣሰጋጊርና ስለዘሎ። ስለዚ ኪዳን’ውን ብኣታሓሳስባ ይኹን ብኣረኣእያ ብኩሉ ሸነኻቱ ነብሱ ትራንስፎርም ገይሩ ነቲ ሒዝዎ ዝነበረ ኣገባብ ኣሰራርሓ ይኹን ዝፈጠሮ ትካላትን በዚ መልክዕ ክርእዮ ኣለዎ። ይቐጽልን ኣይቅጽልን እዚ ኣይኮነን እቲ ሕቶ። ምናልባት ክልተ ጎኒ ንጎኒ ተጣሚሩ ዝጓዓዝ ትካል ክህሉ ኣይካልን‘ዩ። ባይቶ ዝገብሮ ዕማምን ኪዳን ዘሳልጦም ዕማማትን ሓደ እንተ ኮይኑ፡ ክልተ ትካላት ንሓደ ዕላማ በበይኖም ክኸዱ ትርጉም የብሎምን። ኪዳን ብሕግን ብርድየት ውድባትን ዝተመስረተ ብምዃኑ ነዚ ጉዳይ’ዚ ብሁድእን ብዘላዝብ መንገድን ነዚ ተፈጢሩ ዘሎ ዓቢ ዓወት ኣብ ግምት ብምእታውን ከመይ ከም ዝቕጽል ክርአ’ዩ።

***ድሕነት፡ ኣብ ሚድያን መራኸብቲ ሓፋሽን ከምኡ’ውን ኣብ ዲፕሎማስያዊ ጉዳያትን ውደባን ባይቶ ብኸመይ ይብገስ ኣሎ ብፍላይ ኣብ ድያስፖራ ዘለዎ ተቐባልነት ተትገልጸለይ?***

***ዶ/ር ዮሱፍ፡*** ብሕጽር ዝበለ ኣገላልጻ ዘለናዮ መድረኽ ሓድሽ መድረኽ’ዩ። እዚ ክብል ከለኹ ኣሰራርሓና’ውን ናይ ምቕያሪን ሓባራዊን ክኸውን’ዩ። ኣብ ዝሓለፈ ግዝያት ውድባት ብዝጥዕመንን ነናተንን ዲፕሎማስያውን ወታሃደራውን መዳያት በቢመንገደን ይጓዓዛ ነይረን’የን። ኣብ ዜናን ህዝባዊ ርክባትን’ውን ከምኡ’ዩ ነይሩ። ውጽኢት’ዚ ጉባኤ ግን ኩሉ ብጥምረት ክኸውን’ዩ ወሲኑ። ሓደ ወታሃደራዊ ክንፊ ኮይኑ ኣብ ትሕቲ ሓደ መሪሕነት ክሰርሕ። ሓያል ዜናን ሓደ ዲፕሎማስን’ውን ብጥምረት’ዩ። ስለዚ ***<u>ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ካብ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ተመሪጹ ዘሎ እቶም 21 ኣባላት ከም ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ዝለለዩ ቀንዲ ተልእኾኦም እዚ ብጉባኤ ዝተወጠነን ዝጸደቐን ነጥብታት ኣብ ተግባር ንምቕያር’ዩ።</u>*** ኣብ ቅድሚ ዓለም ክንቀርብ እንከለና ከም ወከልቲ ባይቶ ኣብ ቕድሚ ኩሉ ደላዪ ለውጢ ብሓደ ልሳን ንሓደ ጸላእን ኣብ ክንዲ ኩለን ውድባት ድማ ሓደ ጥርናፈ ብምዃን ካብ ምስራሕ ካልእ ምርጫ የለን። ኣብ ወታሃደራዊ ሓደ መንገዲ ኣብ ዲፕሎማስን ህዝባዊ ርክባትን’ውን ከምኡ ክኸውን’ዩ። ጸላኢ ከም ቀንዲ መዋግኢ ዝጥቀመላን ዘይትመውትን ኮይናትሉ ዘላ ናይ ዜናን ፕሮፖጋንዳን መሳርሒቱ ኮይና ዘላ እዛ ናይዜና ሚድያ’ያ። ነዚ ናይ ዜና መስመራቱ ክንቆጻጸሮን ክንብድሆን ድማ ኣዝዩ ዝደልደለን ዝሓየለን ናይ ዜና ሓይሊ ክፍጠር ኣለዎ። እዚ ምናልባት ጸላኢ ኣዝዩ ዝተመኮረሉን ዝሰራሓሉን ብምዃኑ ኣብ ባዶነት መኼድኡ ከም ቀንዲ መዛረቢት ልሳኑ ይጥቀመላ ኣሎ። ተወዳዳርነት ብዘለዎን ዲክታተርያውነቱ ብዝፈሽለሉ መንገዲ ድማ ክንገጥሞ ኢና። ስለዚ ነዚ ንምትግባር ኣብ

በበይኑ ዝጸንሐ ዜናዊ ሓይሊ ኣብ ሓደ ክጥርነፍ ኣለዎ ክጥርነፍ ድማ'ዩ።

***ድሕነት፡ ንወታሃደራዊ ክንፊ ዝምልከት ብኸመይ ክቖጽል'ዩ? ቅሩብነት ናይተን ወታሃደራዊ ክንፊ ዘለወን ውድባት ከ? ብኸመይ'ዩ ባይቶ ተቐቢልዎ ዘሎ?***

**ዶ/ር ዮሱፍ**፡ ኣነ ክምልሳ ዝኽእል እታ ቀዳመይቲ ሕቶ እያ፡ እታ ድልየት ባይቶ ማለት'ዩ። እዚ ድልየት'ዚ ድልየት መላእ ተሳታፊ ጉባኤ'ዩ። እቲ ፋሕ ኢሉ ዘሎ ወታሃደራዊ ክንፍታት ኣብ ሓደ ክንፊ ክመጽእ ይደሊ'ዩ። ውጽኢት መጥቃዕቱ ሓበራዊ ክኸውን ከም ዘለዎ'ውን ወሲኑ'ዩ። ስለዚ ኣነ'ውን ከም ኣቦ-መንበር'ዚ ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ነዚ ተልእኾ እዚ ጥራሕ'የ ክቃለስ። መልሲ ናይዚ ሕቶኻ ግን ምስ ቀስ ኢልካ ዝርአ መልሲ ውድባትን ቅሩብነትን ካብኣቶም ንጽበዮን'ዩ። ኣወንታዊ ክኸውን ባዓል ሙሉእ ተስፋ እየ። ምናልባት ዝፍጠር ሕልኽላኻት እንተዳኣ ሃልዩ ግን እታ ዘላ ክውንነት ንህዝቢ ምሕባር ጥራሕ'ያ።

***ድሕነት፡ ኣብ ደንበ ተቓውሞ ብተደጋጋሚ ክኽሰት ዝጸንሐ ነጥብታት ኣሎ ኣብ ጸጽባሕ ምስረታ ውድባትን ብዘይ መምዘንን ቅጥዕን ምጽንባር ኣብ ኪዳንን ነይሩ'ዩ። እዚ ድማ ንደንበ ተቓውሞ ኣሉታዊ ሃሰያ ከብጸሓሉ ጸኒሑ'ዩ ዝብሉ ወገናት ኣለው። ኣብዚ ርእይቶኻ እንታይ'ዩ? ባይቶ'ኸ ብኸመይ ክሕዞ እዩ?***

**ዶ/ር ዮሱፍ ብርሃኑ፡** ሓቂ'ዩ። ንነዊሕ ዓመታት'ውን ከሳቕየና ዝጸንሐ ጉዳይ'ዩ። ሃሰያታቱ'ውን ሪኢና ኢና። ውድባት ይምስረታ ይፍንጣሓ፡ ሓደ ዝነበረ ውድብ ናብ ክልተ ሰለስተ ይምቀል። ሓንስብ'ውን ናብ ኣርባዕተ ክገማማዕ ትርእዮ። እዚ ተርእዮታት'ዚ ብፍላይ ነቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝርከብን ኣብ ቃልሲ ዕድል ረኺቡ ዝሳተፍ ዘሎን ሞራል ዝትንክፍ ከይኑ'ዩ ጸኒሑ። ኣብ ብዙሕ ትንተና ክኣቱ ኣይደልን'የ ምናልባት ካብ ሕጂ ንንዮ እዚ ሕጂ ተፈጢሩ ዘሎ ዓቢ ጽላል ሃገራዊ ሜዳ ብምኳኑ ንኹሉ ክሳተፍ ዝደልን ሃገራዊ እጃሙ ክዋጻእ ንዝደልን ኣፍደጊኡ ክፉት'ዩ። ንኣብነት ኣብዚ ምድላዋት ናይ ጉባኤ ኮሚሽን ነቲ ቁጽሪ ውድባት ኣስታት 34 ኣብጺሒዎ ነይሩ። ምናልባት እቲ ካብ ብረታዊ ቃልሲ ኣትሒዙ ክቕጽል ዝጸንሐን ነባራት ዝነበራ ውድባትን ፍሉጣትን ልሉያትን ኮይነን ኣብኡ ብዙሕ ዘዛርብ ኣይኮነን። ድሒሩ ግን ብዙሓትን ሓደስትን ውዳበታት ተራእዩ ምናልባት ኣብ ኣቋቑመአን ከመይ'ዩ ክንርኢ እንተኾይና ብዙሕ ኣካታዒ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ግን ውድባት ይዕበያ ይንኣሳ እቲ ናይ ውድብ ከብል ዝኽእል ረቓሒ ይማላእ ኣይማላእ ብዘየገድስ ኣብ ቅድሚ'ቲ ተፈጢሩ ዝጸንሐ ክውንነት ኣማራጺ ኣይነበረን። በዚ መሰረት ንኩሉ በዚ መልክዕ ዝተጠርነፈ ኣብቲ ሰፊሕ ጽላል ንክሳተፍ ኣፍደገ ተኸፊቱ'ዩ። ካብ ሕጂ ንንዮ ምፍጣር ውድባት ክህሉ ኣይኮነን ምኽንያቱ ኩሉ ክሳተፈሉን ኩሉ ሓሳቡን ርእይትኡን ከፍስሰሉ ዝኽእል ደንበ ተፈጢርሉ ብምህላው ንምኽንያት ክውንነት የብሉን። ከም እምነተይ'ውን ካብ ሕጂ ንንዮ ውድባት ኢና ፉለጡና ዝብሉ ክህልዉ'ዮም ዝብል ትጽቢትን እምነትን የብለይን። ሕቶ መሰል እንተኾይኑ ንኹሉ ሕቶታት መሰል ክምልስ ዝኽእልን ዘሳትፍን ሕግታት ስለዘለና ካብ ሕጂ ብኸመይ ዕድመ ዲክታተር ነሕጽርን ንቕድሚት ንጎዪን'ዳኣ እንበር ኣብ ምምስራት ውድባትን ምስራሕ መደብ ዕዮታትን ክንውዕል ንህዝብን ሃገርን ዘርብሕ ኣይኮነን።

***ድሕነት፡ ጉዳያት መንእሰያት ኣብ ተሳትፎ ቃልስን፡ንምስግጋር ሓላፍነት ናይ'ዚ ቃልስን፡ ብዝምልከት ከምኡ ውን ኣብ ዝተፈላለየ ማዓስከራት ዘሎ ሰደተኛ መንእሰያትን ብባይቶ ኣካል ቃልሲ ንምግባሩ ዝተሓሰበ ወይ ዝተሓንጸጸ መደባት ኣሎ'ዶ?***

**ዶ/ ዮሱፍ፡** *ኣገዳሲ ሕቶ'ዩ። ከምዚ ትፈልጦ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዕ ሕቶ መንእሰይ ይላዓል ኣሎ። ኣባና ውን እዚ ሕቶ'ዚ ይላዓል ኣሎ። ብመሰረቱ ብዓይኒ ታሪኽ ክዛረብ እንተኾይነ መንእሰይ ተረካቢ ሓይሊ'ዩ። እዚ ኣብ ሃገር ስልጣን ሒዙ ዘሎ ስርዓት ኣብ ልዕሊ መንእሰያትና ዘብጽሖ ስነ- ኣእምሮን ኣካላዊ ሃሰያን ቀሊል ኣይኮነን። ኣብ ዝሓለፈ 30 ወይ 40 ዓመታት ዘካየድናዮ ቃልሲ ናብቲ መንእሰይ ከሰጋግሮ ኣይካኣለን ንዝተፈላለየ ጉጅላኣዊ ረብሓኡ።* **ምናልባት ኣነ ኣይገርመንን'ዩ እዚ ስርዓት'ዚ ካብ ዝፍጠር ብዓመጽ ዝተጠንሰ ብምኳኑ ካብዚ ከምዚ ዝበለ ስርዓት ታሪኽ ዝጠልቦ ትርጓሜ ክትረክብ ወድዓዊ ከይኑ ኣይስማዓንን'ዩ**። *ኣብ ሎሚ ብሎሚ ኮይነ ክርእዮ ከለኹ ስለምንታይ እዚ መንእሰይ ካብ ሃገር ዝኸይድ ዘሎ ክብል እንተኾይነ ሓደ በቲ ተግባር ናይቲ ኣብ ሃገርና ዘሎ ዲክታተርያዊ ስርዓት ጥራሕ ዘይኮነ መጻኢነቱ ስለ ዝሳኣነ'ዩ። ከም መንእሰይ ትርጉም ምንባር ኣይረኸበን ተማሂሩ ሃገሩ ዝሃንጸሉ መዳይ ኣይተፈጥረሉን ብታሪኽ ተቐይዱ ንመጻኢት ሃገሩ ክመርሓሉን ራኢ ክሕዘሉን ዝኽእል መንገዱ ስለዝሳኣነ ነዚ ዘስካሕክሕ ምርጫታት ፉጡር ክሰምዖ ዘሰንብድ ሽግራት ክቕበል ዝግደድ ዘሎ።* **ኣብ ባዓል ሱዳን ዘጋጥሞምን ካብ ሱዳን ዝተቐበልዎም በደዊንን ጥራሕ ዘይከነ ንባዕሉ ቲ እቲ ስርዓት ኣብ ምጽናትን ንረብሓታት ኣጀንድኡ ድማ ኣብ ምሻጥ ውሽጣዊ ኣካላት መንእሰያትናን ተጸሚዱ 'ሎ**። *መንእሰይ ዘይብላ ሃገር ምምራሕ ንክኽሰት ዝኽእል ናዕብን ዕግርግሪን ብዘይ ገለ ስክፍታ ንምንባር መንእሰይ ክጸንት ስለዘለዎ ነዚ ብዓቢ መንገዲ እንዳ ሰርሓሉዩ። ስለ'ዚ ሰደት መፍትሒ ኣይኮነን ካብ ሃገር ምውጻእካ ተቓውሞ'ኳ እንተኾነ ምሉእነት የብሉን ነዛ ዓደ'ቦኻን ሪምካን ዝኾነትን ኑቶም ኣብ ዓዲ ዝገደፍካዮምን ክትሓልን ንስለኦም መስዋእቲ ክትከፍልን ንምድሓኖም ኣውያቶም ክተሰምዕን ኣለካ። ምናልባት ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ምስ ዘሎ ከበድቲ ማሓውራትን ኣብ ቤተ-ሰብ ዝወርደ ናይ ዓፈናን ስለያን ኣገባባት ሩኡይ ምንቕስቓሳት ክገብር'ኳ እንተዘይካኣለ ዕድመ እዚ ጠላም ስርዓት ንምሕጻር ግን ዝተፈላለየ ሜላታት ክጥቀም ይግባእ። ምናልባት እቲ ሕቶ ሰፊሕን ግዜ ዝደልን'ዩ። ብሕጽር ዝበለ ግን ኣብዚ ሕጂ ግዜ መንእሰይና ብኸመይ ተኻፉሊ'ዚ ለውጢ ይኸውን ዝብል'ዩ። ኣብ ማዓስከራት ኢትዮጵያ ይኹን ካልእ ቦታታትን ዓለምን ዘለው መንእሰያትና ሓይሎም ክደክም የብሉን ምኽንያቱ ሓይሊ ሃገር ስለዝኾኑ ኣብዚ ዝተኻየደ ጉባኤ ካብቲ ዓቢ ዓወቱ ተሳታፍነት መንእሰያቱን ደቂ ኣንስትዮን ምንባሩዩ። እዚ ዘነጽሮ ነገር እንተ ሃልዩ መንእሰይና ይለዓዓል ምህላው'ዩ። ከምዚ ዝበጽሓኒ ዘሎ ሓበሬታታት መሰረት ኣብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ናይ ዓለም ዘሎ ኤርትራዊ መንእሰይ ይላዓል ኣሎ። ክተባባዕን ክድልድልን ድማ ዘለዎ'ዩ። ስለዚ ብወገን ባይቶ ነዚ ናይ መንእሰይ ሓይሊ ቆላሕታ ንምሃብን ተሳታፊ እዚ ለውጢ ንምግባሩን ኣብ ቤት ጽሕፈቱ ንጉዳያት መንእሰያት ዝከታተል ቤት ጽሕፈት ኣቀኒሙ ኣሎ። ብዝላዓለ ድማ ክሰርሓሉ'ዩ።*

***ድሕነት፡ ምስ ክስተት ሓደስቲ ተርእዮታት ዞባናን ማእከላይ ምብራቕን ብምንጽጻር ውሽጣዊ ፍልቀት ናይ ህዝብታት ዲክታተርያውያን ከውድቕ ይረአ፡ እዚ ኣብ ኤርትራውያን ከመይ ትግምግሞ ክውንነት ክህልዎ ተኽእሎ ኣሎ'ዶ?***

**ዶ/ር ዮሱፍ ብርሃኑ፡** *ከቢድ ሕቶ'ዩ ምኽንያቱ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ፍልይ ዝበለ ጠባይ ኣለዎ። ክሳብ ኣብ ስድራቤታዊ ዝወረደ ዓፋኒ መርበባዊ ሰኪዖት ዝሓዘ ስርዓት'ዩ። ከምዚ ክትገልጾ ዝጸናሕካ ኣብ ከባቢና ዘሎ ናይ ህዝቢ ምልዕዓላት ንዓና ዓቢ ትምህርቲ'ዩ። ብቐረባ ኣብ ከባቢና ዘላዋ ሃገራት ከም የመንን ግብጽን ዝኣመሰላ*

*ሃገራት ንዓና ጥራሕ ዝጸልዋ ዘይኮናስ ዓለም ናብ ቑሸት ኣብ ዝተለወጠትሉ ወቕቲ ብምህላውና ነተን ካብና ዝራሓቓ ሃገራት'ውን ክጸልዋ ይኽእላ'የን። እዚ ውን ብግብሪ ዝራኣናዮ'ዩ። ከም ጋዜጤኛ ተከታቲልካዮ ትኾውን ኢኻ እዞም ኣብ ኣሜሪካ ወልስትሪት ዝባሃሉ ታቤላ ሒዞም ንናዕቢ ኣፍሪቃውያንን ካልእ ዓለምን ክድግፉ ክትዕዘብ ከለኻ ማዕረ ክንደይ ተጸሊና ከም ዘለና ዘመላኽት'ዩ። ሃገራት ዓረብ እንተ ርኢና'ውን ከምኡ ህዝብና ምናልባት ተሞክሮታት ናይ ሰውራዊ ቃልሲ'ምበር ናይዚ ልምዲ ኣይጸነሖን ግን ክብገሰሉ ኣለዎ። መጀመርያ ፍርሒ ክስበር ኣለዎ።* ***<u>ቀንዲ ጸላኢና ከይኑ ዘሎ ከምቲ ክቡር ካህን ኣብ ሃዋሳ ዝበልዎ ጸላኢና ወያነ ኣይኮነን ኣሚሪካ ኣይኮነትን ኢሰያስ'ውን ኣይኮነን ፍርሒ'ዩ</u>*** *። ስለዚ ፍርሒ ብኸመይ ንሰግራ ክንማሃር ኣለና ምኽንያቱ ብዘይዋጋ ዝርከብ ለውጢ የለን።*

***ድሕነት፡ ዝበዝሕ ሓፋሽ ህዝብና ተቓዋሚ ህግደፍ ክንሱ ኣብ ጎድኒ ተቓወምቲ ውድባት ግን ብዙሕ ተሳትፎ የብሉን ምኽንያት እንታይ'ዩ?***

***ዶ/ር ዮሱፍ፡*** *እዛ ሕቶ እዚኣ ነቲ ንስርዓት ህግደፍ ዘጣቕዕ ዝያዳ ትምልከት ነይራ። ሓደ ካብቲ ሽግራትና እዚ'ዩ ነቲ ስርዓት ፋሉልነት ክህቦን ከም ቃሕታይ ዝብለሉ ደረጃ ክኸይድ ምፍታኑን'ውን ናይዚ ውጽኢት'ዩ። ካብቲ ብዓቢ መንገዲ ክጥቀመሉ ዝጸንሐ ውዲታት ፈላሊኻ ንምግዛእን ሕድሕድ ምትእምማን ካይህሉን ብርቕቕ ዝበለ መንገዲ ንተግባራውነቱ ሰሪሑ'ዩ። እዚ ብንጹር ኣዘራርባ ክርአ እንከሎ ንህዝብና ብኣውራጃን ሃይማኖትን ክተፋነን ገይርዎ'ዩ። እዚ ግሉጽ ኮይኑ ነቲ ህዝቢ ኣይተራእዮን ምኽንያቱ እቲ ስርዓት ተሓላቒ ናይ ከምዚኦም ዝኾኑ ጉዳያት መሲሉ ስለ ዝራኣዮ'ዩ። ግን ብኣንጻሩ ምኺኑ ሎሚ ግልጺ እንዳኾነ ይመጽእ ኣሎ። ስለዚ እዚ ዘቕረብካዮ ሕቶ ናይዚ ውጽኢት'ዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ክልተ መለክዒ ይርአ ኣሎ ሓደ ብዘላትኒ ዓቕሚ ኣንጻር እዚ ስርዓት ዝብልን በቲ ሓደ ሸነኽ ድማ ንረብሓታትን ውልቃዊ ርውየትን ኣብ ውሽጢ ሃገር ንዘሎ ረብሓኦምን ዘውሕሱ ስለ ዝመሰሎም ልቦም ካልእ ድምጺ እናሃበ ኢዶም ጥራሕ ዘጣቕዑን'ዮም። እዞም ጉጅለ እዚኦም ወይ ካብ ዘይፍላጥ ወይ'ውን ብፍላጥ ብጥቕሚ ዝተኣሳሰሩን'ዩም። እቲ ዘሕዝን ካብዞም ከጣቕዑ ዝውዕሉ ዘለው ዜጋታት ኣብ ዓዲ ዲሞክራሲ ተቐሚጦም ናይቲ ሃገር ፓስፖርት እንዳ ሃለዎም ንሓደ ዲክታተር ከጣቕዑ ክውዕሉ ብጣዕሚ ዝገርም ነገር'ዩ። ዘሕፍር'ውንዩ። ምናልባት ኣብዚ ቁሩብ ግዜ ብሓገዝ ምንቅስቓስ እዞም መንእሰያትን ኩሉ ነገር እንዳተቓልዐ ይኸይድ ኣሎ። ንባዕለን እተን ኣዕቍብንኦም ዘለዋ ሃገራት'ውን ብዙሕ ሕቶታት የልዕላ እየን።ድሕሪ'ዚ ጉባኤ ብፍላይ ብዙሓት ብፍላይ ድማ መንእሰያት ካብዚ ዕንደራ ናይዚ ስርዓትን፡ ምድጋፍ እዚ ስርዓትን ቀስ ብቀስ ከዝልቑን ኣብ ጎኒ ህዝቦም ደው ክብሉን ይራኣዩ ኣለው'ሞ ክተባባዕ ዘለዎ'ዩ።*

***ድሕነት፡ ሕቶታተይ ወዲአ ኣለኹ ኣብ መወዳእታ ተመሓላልፎ መልእኽቲ እንተ ሃልዩ?***

***ዶ/ር ዮሱፍ፡*** እዚ ዝሃብካኒ ዕድል ክጥቀመሉ እንተኾይነ ንሕና ናብ ሓድሽ መድረኽ ኣቲና ኣሎና። ብናተይ ሚዛን እዚ ስርዓት ኣብ ዝደኸመ ኩነታት ኣትዩ ኣሎ። ብቑጠባ እንተ ርኢና ቑጠባ ትሕቲ ዜሮ ወሪዱ'ሎ። ሰብ ልሳን ህግደፍ ካብ መራሒኦም ጀሚርካ ብቑጠባ ኣፎም መሊኦም ክዛረቡ ኣብ ዘሕንኾም ደረጃ ኣለው። ኣብ ኤርትራ ሓደ ንጹር ኢኮኖሚ ዘሎዎ መንግስቲ ብባጀት ዝማሓደር ትካላዊ መዋቕር የለን። ብፖለቲካ እንተ ርኢና'ውን ኤርትራ ሎሚ ኣብኩሉ ኩርንዓት ብኹሉ ማእዝን ኣብ ኮርነር ኣትያ ኣላ ብሰምኪ ዘይርጉእ ግዳማዊ ፖሊሲ። ወታሃደራዊ ዓቕምታቱ'ውን ሓደ ካብቲ ዝተዳኸመ መለለዩኡ ኮይኑ'ሎ። እቲ ኣብ ሃገር ኣሎ ዝባሃል ዝርካቡ ሰራዊት ኣብ ጎድኒ ህዝቡ ደው ክብል ኣለዎ። ትዝክር ትኸውን፡ ብኣካል'ውን ነይርካዮ መስለኒ ኣብዚ ዝሓለፈ ግዜ ዕጡቕ ኣሃዱታት ግሃድኤን ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕርን ዘካየድዎ ሓባራዊ መጥቃዕቲ ዝተማረኹ 2 ዜጋታትና ሓደ ካብኦም ቃልሱ ምስ ሰራዊት ንለውጢ ክቅጽል ምኺኑ ወሲኑ'ሎ። እቲ ሓደ ምናልባት ናይጥዕና ጸገማት ነይርዎ'ዩ ብምርጫኡ ድማ ናብ መዕቖቢ ስደተኛታት ከም ዝተፋነወን፡ እተን ውድባት'ውን ብሰላም ኣሰናቢተነኦም ማለት'ዩ። እዚ ዘርእዮ ነገር እንተ ሃልዩ እዚ ሰራዊት እዚ መድሕን ሃገር ምኺኑ ብተግባር ኣመስኪሩ'ዩ። ኣብ ዓውደ ውግእ ዝሓዞም ኣሕዋቱ ብግፍዒ ኣይሓዘን ብግፍዒ'ውን ኣይመርመረን። ኣብ ውሽጢ ዘሎ ሰራዊት'ውን ነዚ ተረዲኡ ኣብ ዕላማ ዘለዎ ዓወደ ህልውና ቃልሱ ምእንቲ ርግኣት ህዝቡን ሃገሩን ኣብ ጎኒ ደሞክራስያውያን ተቓለስቲ ኣሕዋቱ ክጽንበር ጸውዒት አቕርብ።

***ድሕነት= ኩቡር ዶ/ር ዮሱፍ ብርሃኑ ኣቦመንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጥን ሓላፊ ዝምድናታት ወጻኢ ግሃድኤን ብስም ተኸታተልቲ መጽሄት ድሕነት የመስግነካ።***

***ዶ/ር ዮሱፍ***

*ኣነ ውን የመስግነካ በብዘለናዮ ንበርትዕ።*

## ሎምስ ቀሲኑ!!!

*ቀሲነ እወ ኣንታ ጅግና ቅሳነት ይሃብካ*
*ኣብ ወረዳ ኣኽራን ዓወታት ሓፊስካ*
*ጸሊም ቀላይ ኣተኻዮም ኣንጊህካ*
*ኣብ ዓዲ ምስግነ ጀሚሩ ድሃይካ*
*ሎምስ ቀሲነ ደስ ኢሉኒ ደስ ይበልካ።*
*ኣሰይ ኣሰይ ኢለ ኣብ ቦታይ ደቢለ*
*ግጥሚ ክገጥመልካ ንዝናኻ ኣልዒለ*
*ኣብ ወረዳ ኣኽራን ኮይኑ ተሓምበለ*
*መሓውር ህግደፍ ሓንሳብ ከየትከለ*
*ፋሕ ጭንግራሕ ኢሉ ምስ ተዳህለ።*
*ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ጀጋኑ ሃገረይ*
*ደቂ'ቲ ለዋሕ ህዝቢ ኣሕዋተይ*
*ማእገረይ….*
*ኣሰይ ኣሰይ ኢለ ዓወታት ድራረይ*
*ንስኹም ሰውዱ ክሕሎ'ቲ ክብረይ።*
*ሰራዊት ድሕነት ኣንታ ዋልታ ህዝቡ*
*በሎም ቆሽምድ ኣብ ህግደፍ ዝዕሰቡ*
*ንውልቃዊ ረብሓ ኢሎም ዝጋልቡ*
*ብሓሶት ምድርን ሰማይን ዘላግቡ።*
*ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ*
*እዚ ኢዩ መትከልካ ማእከሉ*
*እቶም ህግደፍ በዓል ዉጩ ጭሉ*
*ነቲ ጀግና ህዝብና ዝሓጨጭሉ*
*በሎም ኣይተናሕሲ ህዝቢ ክሓልፈሉ።*
*ወዲ ኩናማ ጎብለል ከመይ ኣሎኻ*
*ሓርበኛ ሳግማይ ኣስምዓኒ ድምጽኻ*
*ተዳሙነይ ኣብ መታሕት ዘሎኻ*
*ተሓጉሽ ኢየ ሰሚዐዮ ዝናኻ።*
*ኣጆኹም ኣሕዋት ደቂ ህዝቢ*
*ኣብ ሓደ ዕሰሉ'ሞ ከም ንህቢ*
*ክነቕስኖ ናይ ህዝብና ልቢ*
*ክትዕወቱ ይሓግዝኩም ረቢ።*
*ብገዛኢ ኪዳነ*

# መሓቁል ዘሀሀርሮ ሰደማን ብኸመይ ንመሓቁል ይጠቕ!!




***ቀዳማይ ክፋል***

***<u>ብ ዮሴፍ ገብረህይወት</u>***

**ኣ**ርእስቲ ጽሑፈይ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ኩነት ዝውሕዶ'ምበር ዘይበዝሐ፡ ብትዕቢት ተሰንጢቑ ብደም ንጹሃን ዜጋታትና ዝሰኸረ፡ ካብ ጊሓት እንክብገስ ዝዋውዕ ጥፍኣት ደቀባት ዝኣሰረ፡ ብድጉል ናይ ተንኮል መህመሉ ልቢ ግሩሃትን ኣመንቱን ኣቖድም ኣቢሎም ዝፈለጡን ዘድመየ፡ ብሕጓን ቅርዓትን ሃገርና ኩናትን ወረ ኩናትን እናፈጠረ ኣእላፍ ደቂ ረኻቢ መከራ ህዝቢ ዘጽነተን፡ መንእሰያትና ብራእን ተልእኾን ካይዕንብቡ ደረት ኣልቦ ህልውና ባርነት ዝፈጠረ፡ ደቀ'ባት ዝመስሎም ኣብ ገዛእ ዓዶም ካይዛረቡ ልጓም ዘንበረ፡ ከም ገለ ልዕሊ ከፈር በዚሕዎም በጨቕ ዝበሎም ድማ ሓለጊ እንዳመጠወ ገለ "ይስምዑ" ይኾኑ ዝበሎም ንዕርብርርቦም እናፈረደን፡ ልሳን ፍትሕን ለውጥን ዘምለቖ ከም ሑሱም ኣራዊት መንበረ ኣሰር ኣብዘይጥየቐሉ ጋሃንም እንዳ ኣስፈረ ክንዮ መንበረ ቤትን ቤትምህርትን ምህንዳስ፡ ምህናጽ ታሃድሶን ቤት ማእሰርትን ካይደቀሰ እንዳ ሓደረ ብዘይካ ምግዳሎም ካልእ ገበን ዘይብሎም ንግዝኣተ ሕጊ ልዕልንኡ ክኽበር ፍጮ ውዱብ ገደብን ደረትን ሕጊ ክማሃር ስለ ዝጠለቡ ጥራሕ ኣብ ኣንደራት ዘብለየ፡ ወዘተ በየናይ መንገዲ ንሕግን ግዝኣቱን ንፍትሕን ውጽኢቱን ኣፉ መሊኡ ይዛረብ። ኣቱም ሰባት፡ ምሽክዕላል በዚሑስ ንብሎ'ኳ ጠፉኣና። ሓድሽ ዓመት መጸ ሓድሽ ነገር ብዘይብሉ ቖሎ ጥጥቖ የእዛን ደቂ ሃገር ክደፍን ነብሱ ናጻ ብዝገብር ቅንየተ ጉዕዞ ሃገር ከሸኻዕልል ዜጋታት ሃገር ፍረ ዃሂኦም ኩብርብር፡ ህጻን እሩም ቃላት ኣብ ዝዛረበሉ ዘሎ ግዜ ካብ ሃገር እመርሕ ኣለኹ ባሃሊ ርእሲ ክወጽእ ዘይትጽበዮ ቃላት ነቶም ሰማዕቲ እቲ ቋንቑኡ ዝኸኑ፡ ኣብ ክንድኡ ዘሕፍር ነውራም ቃላት ክውርውር፡ ኣብልበይ ከምልበይ ሓታቲ መን'ዩ ብዘስምዕ ኣሽካዕላል፡ ኣብ ልዕሊ ደለይቲ ለውጢ ምንሽር ከተክል ክሳብ ማዓስ'ዩ። ኩሎም ናይ ደመ ግብሪን ኩፍእ መጋበርን ብጾቱ ገለን ብጻዊዒት ኣምላኽ ገለን ብጫማ ህዝቦም ካብ ዝፋኖም ብጨጉሪ ትሸትሾም እንዳ ተደርበዩ ኣለኹ ክብል ናይ ልቡ ድዩ። ጨለ ኢሰያስ ንሓሶቱን ሙስሉይነትን ዊዒሉ ዝሓድረን ብሸርሕን ተንኮልን ዝልለ ነውራም'ዩ። በየን ተኸይዳ ሓሰት ኣበይ ትጥቀም ምስልዩነት ክንይኡ ዝፈልጣ የለን።እንተሎ ኣበይ'ሎ ድዩ ዝበለ ደራፋይ። ስለዝኾነ ድማ'ዩ ኣብ ማህደረ ቃላቱ ይትረፍ ከም መሰርሕ ከም ቃል ንዘይፈልጣ ፍትሒ ኣብ ሜድያ ግን ንውዳሴኣ፡ ውሻጤኣ ዝኣቱ። ኣብዚ ዝሓለፈ ግዜ ብተኻታታሊ ንኣርባዕተ ማዓልቲ ሜድያ ውሽጢ ሃገር ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት ዓዘፍዘፍ ዝበዝሖ ወጮ ተገልበጥካዮ ወጮ 2011 ኣብ ሓድሽ ዓመት ዝበሎ ገለን ዘኪርዎ ዝደገሞ ገለን ኣሉ ዝበሎን ገለን መትሓዚ ዝተሳእኖ ወላሓንቲ ኣይገበርናን ዝዓብለሎ፡ ሓዋዊሱ ናበይ መእተዊ ናበይ መውጽኢ ብዘይፍለጥ መንገዲ የእዛና ብሒቲዎ ቀንዩ'ሎ። ኢሰያስ መንዩ ?መንነቱን እንታይነቱን ንነኒ ገዲፍና ኣብ'ዚ ሓድሽ ዓመት ዝበሎን ኣብ ባይታ ንዘሎ ክውንነትን ብዛዕባ ኣህጉራዊ ትንተንኡን

ሓፈሻዊ ናይ ራዕድን ፍርህን ቃንኡን ካበይ? ናበይ'ዩ? እስኪ ገለ ክብል!! እዚ ሕተተኒ እዚ ይትረፍ ከምዚ ምስ እትብለኒ ከምዚ ክብል'የ ዝሕላገቱ ናይ እንዳዜና ባህርን ናይ ብጻባ ዝዓበየ ፍቱው ኩርኩር ዓሊ ዓብዱ ተግባርን ነቶም ብቀረባ ኣብቲ ሜድያ ዝነበርና ክንደይ ክይጠፍኣና። ነዚ ተግባር ከምዘለዎን ባህሪ ናይ ዘይዲሞክራስያውያንን ብምኳኑ ነቶም ግዝኣተ ሕጊ ክነግስ ንናፍቕ ብዙሕ ዝገርም የብሉን። ግና ኤክሰለንስ ኢሰያስ ንቃለ-መሕተቱ ብኣህጉራዊ ትሕዝቶ ክጅምሮ ዝመረጸሉ ምኽንያት ካብ ሃንደበት ዝተበገሰ ናይ የዋህ ኣጋጣሚ ኣይኮነን። ነቲ ኣሉታዊ ዝበሎን ከምዘይናፍቖ ዝገለጾን ምዝዛም ዝሑል ኲናትን ውጽኢቱን ብዛዕባ ዝፈሸለ ኢኮኖሚ ዓለምናን ገበቲ ዝበሎም ሓይልታትን ወዘተ መጀመርያ ክትንተን ድሕሪኡ ናብ ኩነት ዓዲ ክእቶ ዝተመርጸሉ ምኽንያት ምናልባት ነቶም ለውጢ ህላወ ክትሓዝእ የዊንትና ሰለም ካየበለ ዝሓድር ሑጓ መጋረጃኡ ኣይጠፍኣናን። ለዋህ ህዝቢ ብኩነተ ናብርኡ ካብ ዕለት ናብ ዕለት ኣብ ዝሕመሰሉ ዘሎ ካብ ኣብራኹ ዝበቖሉ ርእዩ ካይመነዎም "ክሓልፍ'ዩ"! እንዳበሉ ኣብ ዝሓልፍሉ ዘለዉ ግዜ ዝያዳ ካልእ እዋን ሕቶ ስለምንታይ ሳዕሪሩ'ኳ እንተሃለወ፡ ግዳ መመኽነይታ ተተረኽበሉ፡ ዛዕባ ሃገርን ሃገራውነትን ጉዳይ ፍትሕን ኩነተ ዶብን ብግዳማዊ ተጽዕኖን ብናይ ጥፍኣት መሓውራቱን ጅሆ ከምዝተታሕዘ እዚ መንግስቲ ሓቁ'ባ'ዩ ናብ ዝብል መደምደምታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ንተኻታታሊ ንምርዓም ቀዳማይ ኣጀንዳ'ዩ። ጨለ ኢሰያስ ኣብ ከምዚ ብዙሕ ዝተመኮረን ናይ እኩይነት ላልሹ ሙስሉይነት ዝባሓተን ብምኳኑ ምናልባት ዘዘንገዐ ይመስሎን ሃተውተው ምባሉ ቅንየት ጣቋ ዝረኸበሉን መሲልዎ ይኸውን። ሓሻካ ዲክታተር፡፡ ግና እቲ ምስትውዓል ዝማሃረ ህዝቢ ኣየስተውዕልን'ዶ? እቲ ተመኩሮ ዘስነቖ ህዝቢ'ኸ ኣይምኮርን ዶ? እቲ ትዕግስቲ ደረት ከም ዘለዎ ዘስተውዓለ ህዝብስ ዓቕሉ ኣይጽንቀቕን'ዶ? እቲ ልቢ ዘስኮዐ ህዝብስ ኣይልብምን'ዶ? ኣብ ዓጀውጀው ዕላሉ ኣብ ዞባና ንዘሎ ዘይርግኣት ምህራፍ ቀይሕባሕሪ ምኳኑ ከም ቀንዲ ነጥቢ ብምጥቃስ ከም ካልኣይ ነጢቢ ድማ፡ ነቲ ኣብ 1990 ዝተወገነን ከም ዛንታ'ኳ ኣብ ኣፈፌት ምርሳዕ ዝበጽሐ ኲናት ወረራ ዒራቕ ኣብ ልዕሊ ኩዌትን ነቲ ኣብ 1980ታት ዝነበረ ኩናት ኢራንን ዒራቕን ከም ነዚ ዞባና ሃዋኺ ኩነትን ንናይ ሃገርና ኩነተ ህላወ ጸላውን ክቕርቦን የእዛን ነቲ ዝንዕቆ ህዝቢ ክደፍንን ፈቲኑ። ኣብ ኩለን ጎሮባብትና ኲናትን ምትኹታኹን ኣብ ስግርና ኣብ ዝርከብ ቅንጣብ ብጽሒት ስቃይና ዘይከነ ከባቢታትን ዞባታት ዓበይቲ ቃላያትን፡ ምዕጣቕን ምስልጣንን ኣሸበርትን ሶማልን

*ሓፍቲ ሶማልን'ከ ነዚ ዞባና ዝፈጠረሉ ርግኣት ረስዕ'ሞዶ ይኸኑ ከንቲባ ህግደፍ ኢሰያስ። ምውራርን ሑሕ ምባልን ከባቢታትና ዝኾና ሃገራት ሓንሳብ የመን ሓንሳብ ሱዳን ጸኒሕኻ ኢትዮጵያ የዕርፍ ኣቢልካ ጁቡቲ ድሕሪ ቁሩብ ድማ ንስዕድያ ንዘባና እንታይ ርግኣት'ዩ ሂብዎ? እቶም ኣብየ ከባቢታት ሃገርና ብፍላይ ድማ ኣብ ዓሰብ ኪሎማ ሰሰልጢኖም ኣብ ባሕሪታት ሶማልን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ጎረባብቲ ሃገራትን ዝተዋህቦም ሽበራዊ ዕማም ዝፍጽሙ ዘለዉ'ኸ ዓቃቢ ሰላም ድዮም?*

*እቶም ገበቲ ሓይልታት ዝበልኩሞም ኣብ ዘባና ቁልውላው ፈጢሮም ነቲ ቕልውላው ከማሓዱሩ ካይደቀሱ 30ወይ40 ዓመት ከም ዝጸንሑ ኣበሲርኩምና። ኣይተ ኣሰያስ ወዮ ዳኣ ምስልዩነትን ነቲ ይኸውን ዝበልካዮ ፍረ ኻልኦት ናብኦም ነቲ ያእ የገምተኒ ዝብልካዮ ፍረተግባርካ ድማ ናብ ተማዕደውትኻ ምድርባይ ኣመሎም ከይኑ'በር ነቲ ኣስዕብ ኣቢሎም ዝበልዎ ኣብ ዞባና ቅልውላው ብምፍጣር ከም ዶክትሪን ንሰላሳ ኣርባዓ ዓመት ዝወሰድዎን ኣብ ቕልውላው ብምፍጣር ነቲ ቅልውላው እንዳኣማሓደሩ ኣብ ኩናትን ምስሊ ናቱን ክነብሩን፡ ክገብሩን ዝኻኣሉ ድኣ መንድዮም?ሕቶ ምርጫን መረጻን ኣብ መቓልሕ ኣእዛን ኤርትራዊ ኣብ ዝሕንብሰሉ ዝነብረ ወቕቲ'ዶ ኣይኮኑን ኲናት ወሊያም ነቲ ኲናት እና ኣማሓደሩን ኩነት ሰላም ተሓሲሞም ንዝቕርበሎም ጥያቄ ምርጫ ጉሩም መልሲ ዝህብሉ ዘለዉ ።*



**<u>ዝተፋሕሰት ገመድካ ግዜ ጥራሕ ትጽበ'ላ!</u>**

*እዞም ግዳማውያን ሓይልታት ዝተባህሉ ኣብ ዘባና ዝፈጥርዎ ዘልዉ ሽግራት መጨረሽታ ዕላምኡ ምግባት ጸጋታት ምዃኑ'ውን ኣስተምህሮ መጢኹም። ኣይንህብን ስለዝበልናን ልዕሊኦም ብርቂ ሓሳባት ወኒንና ስለዝፈለጥናዮም ድማ ተጻብኦ ከይኖምና'ውን ደጊምኩም። ዓሶ ርእሲ ጉድ የስምዕ። እዞም ካብ ካዝና ክፍሊት ውጹዑን ከርተት ዘይበለየሉን ኤርትራዊ ብሽም ክልተ ሚእታዊትን ዝተመንዝዐ ዶላራትን ዝርካቡ ዕደና ዝተባህለሉ ወርቂ ቢሻን'ከ ኣበይ ከም ዝውዕል እንታይ ኣሰኪፍዎም ዘይገለጹ በረንብራስ ኢሰያስ። ኣብዚ ዕስራ ዓመታት ስልጣን'ዚ ፍጮ ስርዓት ከም ኣገላልጻ ኢሰያስ ዝዓበየ ዝተተግበረ ነገር እንተዳኣሃልዩ ምስ ኩነታት ዞባናን ምዕራባዊ ሓይሊ ምስ ዝደልዮ ዕንደራን ብምርኣይ ኣብርግኣት ሃገር ዓቢ ውጽኢት ከም ዝተሰርሐ ገሊጽኩም። ትርጉም ርግኣት በቲ ሓቀኛ ትርጉሙ ግን እንታይ'ዩ? እቲ ዓለም ትፈልጦ ርግኣት 'ተኾይኑ ኣጀንዳ ሃገር ኣብ ሰላምን ትእምርተ ልምዓትን ንህዝቢ ብህዝቢ ብዘቕደመ ሽነኹ ምስዝጓዓዝ'ዶ ኣይኮነን። ዜጋ ፍትሕን ፍትሓውነትን ረኺቡ ኣብ ዝማእምኦ ደረትን ማእከልን ሃገሩ ክነብርን ወሊዱን ተፋርዩን ምንባሩ ክስተማቕርን ተማሂሩን ኣምሂሩን ብራእን ንራእን ምስ ዝተግህ'ዶ ኣይኮነን ርግኣት። ኣብ ዝረገአት ሃገር ዜጋ ካብ ስደት ይምለስ እምበር ስደት ዝናፍቐላ ደንበ'ዶ ትቅየር'ያ? ኣብ ርግእቲ ሃገር ገደቡ ዘይፍለጥ ጊላነትን ውሑዳት ዝስሕቁላ ሓፋሽ ዝሓዝነላን ኩነት'ዶ'ሎ'ዩ።እም ኣበይ ኣሎ እቲ ርግኣት ኣዴታት ካብ ብረታዊ ቃልሲ ድሕሪ ዝሳኣና ናይ መቕሊ መልሲ ኣራእሰን ብድርሙሙ ካይተፈትሐ፡ እቲ ዝናኣሰ ብሽም ወራር ኣርኪቡ፡ ሕሳስ ልደ ገዛ ወላዲት ክንዲ ኩሉ እንዳ ራኣየት ንሱ'ውን ራኢ ጸልሚትዎ ኣብ ስደትን ሳህራን ሲናን ውሽጣዊ ኣካሉ ተዘቒቑ 20 ዓመት ዋይዋይታ ክንድኡ ዒሕታ! ኣበይ'ሎ ቲ'ርግኣት። እዚ ብዋጋን ዕድመን ህዝብና ብፍላይ ድማ መንእሰያትና ምቑማር ዘየሕንኾ መላኺ'ዚ ኣብ ዞባና ውህደትን ርግኣትን ክፍጠር ምእንቲ ካብቶም ጠቕምቲ ስትራተጇ በቤትካ ምምሕዳርን በዚ መዳይ'ዚ ድማ ዞባዊ ውህደት ምፍጣር ከምዝውለድ ገሊጹ። እዚ ቤት እንዳማቱ ይትረፍ ነዛ ህዝባ ክንዲ ነባሪ ሓንቲ ከተማ ዘይከውን ንእሽቶ ሃገርን ባህሪ ዝዓደሎ ባዕሉ ዝማሓደር ህዝብን ዝወነነት ሃገር ከማሓድር ዘይበቐዐ ነቶም ህዝቦም ኣማሓዲሮም ንወጽዓ ኤርትራዊ ወገን'ውን ኣለና ዝበሉ መንግስታት ዘባና ከስተምህር ፈቲኑ። ከም ንእሽቶ ሃገር ዘመክሕ ነገራት'ኳ እንተዘይብልና እቲ 30 ዓመት ዝወሰደ ቃልስና'ውን ክንዲ'ዚ ግዜ ክወስድ ቅኑዕ ከምዘይነበረ'ውን ተኣሚኑ። ነቲ ኣብ ኩነት ሜዳ ኤርትራ ዝነበረ ድጉል ባህሪኡ ከተግብር ብጉልባብ ባህጊ ናጽነት ነቶም ቃልሲ ክሓጽር ኣብ ሰውራ ኤርትራ ዝጎቱና ዘለው ነገራት ቀዳምነት ብዝህብ ኣፈታትሓ ከምኒ ሓድነት ተሓኤ ካልእ ነጥብታትን ከምዘይተሓሰመን ጥራሕ'ውን ዘይከነ ነዚ ቃልሲ ንክሓጽር ጥራሕ ባህጊ ንዝነበሮም ዜጋታት ከምዘይቀንጻለን፡ 1977 ኣስመራ ኣብትሕቲ ፍጹም ከበባ ክልቲኡ ውድባት ኣብ ዝነበረሉ ህሞት ንምትግባር ሕልሙ ብዋጋ ጀጋኑና ተጣልዑ ምዝላቕ ከምዘየተግበረን ብውሕዱ ብተግባራውነቱ ቃልሲ ህዝብና 10ዓመታት ንድሕሪት ከምዘይጎተተን ነዚ ዘይከውንነት ተግባሩ ብጋህዲ ብምቅዋም ሓሳቦም ዝለገሱ ዜጋታትን ሓርበኛታትን ከም ዘየሕቐቐን ቃልስና 30 ዓመት ክወስደልና ቅኑዕ ከምዘይነበረ ክዛረብ ማዕረ ክንደይ ኣሸካዕላል'ዩ። መራሕቲ ኣፍሪቃ ኣብልዕሊ ህዝቦም ዝፍጽምዎ ዘለው ዘይሰነ-ምግባራዊ ተግባራትን ምስ ግዳማውያን ሓይልታት ብምትሕብባር ናይ ሃገራቶም ጸጋ ምጉሕጓሕን ጉቦን ብልሸውናን'ውን ክወራዘ ፈቲኑ። ከምቲ ኣብ ውሻጠ ቤትካ ዝተኸዘነ ፈዓዕ ዝበለ ጓሓፍ ከይጸረካ ኣብ ቀጽሪ ጎረቤትካ ንዝወደቀ ቆጽለ-መጽሊ ከይጨንወካ ኣፍንጫኻ ክትዓጹ ምፍታን ዘመሳስል ግርንቢጥ ተርእዮ'ዩ። መራሕቲ ኣፍሪቃ ምስ ግዳማዊ ሓይልታት ተሓባቢሮም ጥረ ሃብቲ ሃገሮም ኣብ ረብሓ ካዝንኦም እንተኣውዓልዎ ካብቶም ኣብ ትሕቲ በርንብራስ ኢሰያስ ዘልው ምስ በደዊንን ናይ ስደት ሰብ ዓቢ ርእሰማልን ብምትሕብባር ናውቲ ውሽጢ ኣካላት መንእሰያትና እንዳ ጓሕጉሑ ኣብ ጅባኦም ዘውዕልዎ ዘለው ጀነራላት ፍጮ ሰልፍን ሰብ ጹሩራ ዓሳኽሮምን ኣይከፍእን መስለኒ። መራሕቲ ኣፍሪቃ ጸጋታት ሃገሮም ንኣውፈርቲ ብምሃቦም ካብ'ዚ ወፍሪ ብውሑዱ ተረባሕቲ ካብ ኮኑ ተረፍ ጽጋቦም ንህዝቦም ኣይተጋደፉን። ፍትሒ ዝሳኣነት ተተባህለት ኣፍሪቃ ከምኒ ኣኻዓየኻ ዝነበሩ ቤንዓሊን ሙባርክን ብዓብኡ ድማ ቐዛፊ ብዘይካ ኣብ ሕቶ ስልጣን ንህዝቦም ፍትሒ ገሊሎም ተተባህሉ ብኸብዱ ግን ኣይሓዙን። ካልእስ ይትረፍ መተንፈሲ ስቓያቱ ናይ ስራሕ ክፍትታትን'ኳ መጥዮም። ጥር ዝብል ልብያዊ ናብራ ከፊእዎ ስግር ባሕሪ ክኸይድ ኣብ ቀላያትን ባሕርን ሃሊቑ ዝብል ዜና'ኳ ኣይተሰምዐን። ኣብ ግብጺ ድኽነትን ዲክታተርነትን መሪሩ ናብ ኤርትራ፡ ዝተሰደደ ግብጻዊ ኣይተራእየን። ኤርትራዊ ግን ተርፍ ብልዕም ብራህጹ እንተረኸበ ደንበኦም ተዘሪእዎ'ሎ። ኣብ ሃገርና ሰዓት 3*



ወጋሕታ ንሓንቲ ባኒ ትስራዓሉን ዋጋ'ታ ክትኩልሳን ከምዝኾለስካ ዘይትዝከርን ባኒ'ኳ ብ3 ናቕፋ እንዳተሸጠት ዘይተርኽበላ ግዜ ይበዝሓ። ከንቲባ ህግደፍ እዚ ግን ደስታ'ዩ ንዓኻ። ኣብ ጉዳይ ሶማል ዝተዋህበ መቕጻልታን ዘይሙኽኑዩን ትንታነታትን ዓሎቒን ንጎኒ ብምግዳፍ ሶማል ርግኣት ክህልዋ ክትግደፍን ግዳማዊ ምትእትታው ክቋረጽን መጠንቀቕታ ዝተሓወሶ ተደንጋጽነት ብምስሊ ንብዓት ሓርገጽ ተደሚጹ። ኣብ ሶማል ብዝተፈላለየ መንገድታት ካብ ፖለቲካዊ ደገፉት ክሳብ ፋይናንሳውን ወታሃደራዊ ዕንደራታትን ንጎይቶት ኲናትን ሸበራውያንን የዕጥቕን የስንቕን ምህላው ምናልባት ብሕቡእ ዓይኒ ካብ ህዝብና ተዓዊተ እንተተባህለ ኣብዚ ቁሸት ዝተቐየረሉ ዓለም ግን ካብ መን ትኸወል? ሞኒተሪንግ ግሩብ ደገፍን ምትእትታውን ኤርትራ ምርግጋጹ ጥራሕ ዘይኮነ ብሰነድን መርትዖን ዝተሰነየ ጸብጻቡ ውጽኢት እንታይ'ኮን'ዩ? ሶማል ክግደፍን ምትእትታውን ዕንደራን ክቛርጽ ቢኢደ ኣዙር መድመይቲ ህዝብታት ዞባናን ጎረባብትና ደው ክብል መፍትሕ ርግኣት ሶማል ብውሕዱ ኣብ ከብሒ ቤት ጽሕፈት ደንደንዶ ኣይኮነን? ኣፈጨለ፡ ባዕሉኹም ኣይተ ኢሰያስ ካብ ግብረ-ጻይቕነቶም ክትእደቡን ነብስኹም ክትምህሩን ብዛዕባ ህዝቢ ጉዳዩን ስልጣኑን ክግደፍ ከም ዘለዎ እንተዳኣ ትፈልጡ ኮይንኩም ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራን ስልጣኑን ክትገድፉ ምተመርጸ። ከተተግብሩን ቅድም ምሓሸ።,,,,,,, ግና ኣጥፍእካ ምጥፋእ ዝዓተርኩም ዕጥቅኹም' ብምኚኑ ጨናዊት ነብሲ ኣይትገብረልኩምን ከንቲባ ህግደፍ።

ይ ቕ ጽ ል.........................



# ተጋዳላይ ድሕነት

ኣንበሳ ኣኽራን ዓዛሚ ብነድሪ
ንቓሕ ብግሓት ተላሚ ለውጢ
ኣላዳ ወፊሩ ፋጡር ብሕርኑኹ
ተመላሲ ምስዮት ዓጽሚ ሓጺን ሓይኹ
ንሱ እቲ ገንሸል ለውጢ
ሕልኮ በቲኹ ትዕቢት ዝሰጢ
ኣብ ጽምኣት ሰቡ ውዒሉ ኣብሉ ዝጸንዕ
ትርጉም ምንባር ልዕሊ ህልዋት ዘቕንዕ
ብዘይካ 'ታ ንቕሓት ተስፋ ጉያኡ
ብዘይካ መትከሉ ዘይቅየር ሃንቀውትኡ
ዘመድ የብሉን ጁብኡ ለውጢ'ዩ ጋምኡ
ኣብቲ ከንዲ ዕምሩ ሕቑኡ ከህብዎ
ፍሽኽታ ኣሰንዩ ደረት ትርኢት ይትስፈዎ
ምልምል ሸደን ክንሱ ብዓለም ተደላዩ
ኩሉ ከንቶ'ዩ ይብሎ ዕጥቀ ዝናሩ ይጎዩ
ከመይሲ፡ ልጓም ምንባር ኣብደረት ህላወ
ተስፋ ደረቱ መመሊሱ እንዳ በርሃወ
ንበራረ ኣይበለን ብዘይካ ኣነ ክቕድም
ንጽናሕ ኣይፈልጣን'ዩ ብዘይካ ክንሃጅም
ንሱ እቲ ገንሸል ለውጢ፡
ንዘልኣለማዊ ምንባር ብዘይምንባር ገጢሙ
ወለዶ ዛንታ ተኾነሉ ንለውጢ ብዕድሚኡ ፈሊሙ
ኣብ ዘይብሉ ስጊሙ ከም ዝኸነሉ ኣሚኑ
እንሆ ዘድመጾ ንሰብ ከምዘይመጸጸ
ሎሚ ብጋህዲ ርኤዮ ሰብ ክመርጾ።

# ካልእ ሓርነት የለን!

## (ደርፍታት ህግደፍ)

ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፈይ ኣብ ደርፊ ቴድሮስ ሓጎስ ሰንም እትብል ደርፊ ተመርኲሰ ብዓቕመይ ንእከይ ዕላማኣን ዘይክውንነታዊ መልእኽታን ኣመልኪተ ዝ ገሊጸ ነይረ። ሎሚ ውን ኣብ ዓምዲ ደርፍታት ህግደፍን ትሕዝትኦምን **ንካልእ ሓርነት የለን** እትብል ደርፊ ድምጻዊ ተስፋኣለም ኣረፋይነ (ቕርጫጭ) መልእኽቲ ከተኩር'የ። ፖለቲካውያን ደርፍታት ህግደፍ ወፍሮም ኣብ መንእሰያት ዘተኮሩ ብምዃኖም መንእሰያት፡ ከንነቕሓሉን ከንትንትኖምን ንእከይ ዕላሞኦም ከንቃወምን ግዜ ዝጠልቦ ግቡእ'ዩ። ነዛ ካብ ካልኦት ደርፍታት ህግደፍ ፍልይ ዝበለትን ኣግሂዳ ሓርነት የለን ዝበለትናን ደርፊ ቕርጫጭ ግን ኣብ ደላይ ሓርነት ዝኾነ መንእሰይ ዘሕደረቶ ቓሓርን የዕንቲ መንእሰይ ንምድፋን ዝፈተነቶ ጾሮና ዕብለኽ ዋሕዘ ግጥምን እስኪ ነስተብህል። ቕድሚኡ ግን ንዘማሪ ከምልሶም ዘለዎ ሕቶ ከንሓትት። ሓርነት እንታይ ማለት'ዩ? ሓርነት'ከ ከንደይ'ዮም? ካልእ ሓርነት የለን ማለት እንታይ'ዩ? ክውንነት ደርፍን ኣብ ባይታ ንዘሎ ሓቅን እንታይ የመሳስሎም? ከምኡ'ውን ስለምንታይ'ዩ'ኸ ድምጻዊ ተስፋኣለም ነዚ መልእኽቲ'ዚ መሪጹ? ብስሚዒት ንደስታ ላኣኽቱ ንምብሓት ልዕሊ ካልእ ፍርያቱ ኣብዛ ደርፊ እዚኣ እንቅዓ ወጢጩ ? ሰናይ ንባብ ...

***ካልእ ሓርነት የለን(2)***
***..ኣሎ ንዝብሉና ከመይ'ልና ንኣምን***
***ዓይንና ዝርእዮ ከሒድና ከመይ ኢልና ንኣምን ብእዝንና***
***በኾኹም ኣፍኩም ከደኑልና,,,,,,,,,,,,,,,ዘይበርስ ሓቂ'ሎ(2)ኣብ ልብና***

እዘን ኣብ ላዕሊ ዘንበብናየን ጹሑፋት ኣብታ ከም ኣርእስቲ ሒዝናያ ዘለና ደርፊ ቕርጫጭ ዝርከባ ማይ ቤት ግጥሚ'የን። መልእኽተን ከምተን ተሰሚዐን ዝሓለፋ ደርፍታት ህግደፍን፡ ህዝብን መንእሰያትን ኣብ ከንዲ ኩነተ ኣንፈትና ናበይ ገጹ'ዩ ዝብል ሓሳብ፡ ኩሉ ዜጋ ኣብ ዳንኬራን ጓይላን ክዝንብልን ኣንፈተ ጉዕዞና ኣብታ ህግደፍ ዝመርሓ ላምብሬታ ጹቡቕን ሙቹኡን ምህላው ንምእማንን ዝዓለመ'ዩ። ንምኳኑ እዚ ድምጻዊና :ግን ካልእ ሓርነት የለን ምባሉ ካብ ልቡ'ዶኾን'ዩ። እስኪ ቐሩብ ናብ ድሕሪ ባይታ ናይ'ዚ ናይ ኣርእስትና ባዓል ማለ ዝኾነ ድምጻዊ ንመለስ። ተስፋኣለም ኣረፋይነ ድሕሪ ሞት ክብርቲ ወላዲቱ እዛ ዓለም ብጸፍራ ከም ዝተቐበለቶን ካብቶም ኣብ ቤቱ ዝነበሩ ኣሕዋትን ኣሓትን ድማ ብዕድመ ጉብዝና ዝርአ ብምንባሩ እንጀራ ዓለም ንምብላዕ ኩሉ ዘጋጠሞ ናብራ ጨምለቕለቕ ሰሪሑን ይሰርሕ ነይሩን'ዩ። ኣብ ከምዚ ኩነት ኣብ ዝነበረሉ እዋን ናይ ስነ-ጥበብ ዝንባለኡ ንምምላእ ቅድሚ ናብ ድምጻዊ ምስግጋሩ ተላሃዪ ወይ ሳዕሳዒ'ዩ ነይሩ። ቀስብቐስ ተውህብኡ ብምፍታሽ ናብ ድምጻዊ ተሰጋጊሩ። ተስፋኣለም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዛራን ገልዓሎን ካብቶም መከራን ስቓይን ህግደፍ ዝበጽሓምን ከርተት ዝበሉ መንእሰይትናን'ሓደ'ዩ። ግና ነዚ ትማሊ ኣብ ሴሌዳ ህይወቱ ዝተፈጸመ በደላት ንኒኒ ጎስዩ ደስታ ባህላዊ ጉዳያትን መረሰረሲ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ህግደፍ ኮይኑ ከቕጽል መሪጹ። ገና'ውን ህግደፋውያን ንኪደስት ህዝብና ጽቡቕ ምህላዉን እዚ ዘለዎ ሂወት መተካእታ ዘይብሉ ሓርነት ምኳኑ ከእምኖን ኣብ ቖስሊ ህዝብና ክጻወት መሪጹ'ሎ። ካልእ ሓርነት ከም ዘየለን መንእሰያትና ጹብቕ ምህላዎምን ድማ ገሊጹ። ካልእ ሓርነት ከም ዘየለን እዚ ብዓይንና እንርእዮ ዘለና ሓርነት ፍጹም ሓርነት ብምኳኑ ነቶም ሙሉእ ሓርነት ክህሉ መታን ኣንፈተ ዲሞክራሲ ዝናፈቑ ብእዝኖም ጥራሕ ዝሰምዑ ምዃኖም ብእዝኒ ምእማን

ከምዘየድልን እዚ ብዓይንና ንርእዮ ጥራሕ ከም ሙልእ ሓርነት ኽንቕበል ተላብዩ። እስኪ ብዝዕባ እቲ ናይ እዝኒ ሓርነት ይትረፈና'ሞ ብዝዕባ እቲ ብዓይንና ዝራኣናዮን ዘስተማቐርናዮን

ሓርነት ህግደፍ ጥራሕ ከነተኩር። ሓርነት እንታይ ማለት ንምኳኑ ኣብ'ታ መከረኛ ሂወቱ ሓርነት ኣስተማቒሩ ዘይፈልጥ ድምጻዊ ምኳኑ ካይሳሓትና ነቲ ብዓይንና ንርእዮ ኣለና ዝበሎ ሓርነት መሬት ንነኒ ገዲፍና ኣብ ሓርነት ሰብኣውነት ከነተኩር ። ኤርትራዊ ኣብ ገዛእ ዓዱ ካብ ጸት ንጸት ሃገሩ ከንቀሳቐስ ኣብ ዝማእሞኦ ከነብርን ሓርነቱን መሰሉ'ንዶ ኣይኮነን?እሞ ንምንታይ'ዳኣ እንዳ ጎይታኺ ህግደፍ ካብ መስመር ብሎኮ ኣስመራ ዝብገስ ኬላታት ናብ ሙልእ ሃገር ከም መስጥሒ ከዳውንቲ ኣብ ፈቐዶ ጽርግያ ኣንጠልጢሎሞ ጥራሕ ዜይኮኑስ ዘዝዓንተረ መንእሰይ ክንዲ መንነቱ ብዝገልጽ ናይ ሃገራውነቱ ወረቐት ብመራሒ ሓይልኻ ወይ ከም ጎይታኺ ብዝተመደበልካ ሓላፊ ብዝጸሓፈልካ ናይ ወርሒ መንቀሳቐሲ ዘለዎ ቁራጽ ወረቐት ጥራሕ ዝሕለፈሉ ገመዳት ኣንጠልጢሎምልና ?እዚ ኣብ ቅድሚ ዓይንኻዶ የለን'ዩ?

ካልእ ሓርነት የለን,,,,,,,,,,,,,,,,
ኣቱም ሰባት ዜጋታት ክንሶም ብዋጋ ዜጋን ብረዚን ክብሪ ሰማእታትን ቁማርዝጻወቱን ክንዮ እንታይ ንብል ኣለና ዘይብሉ ብድምጺ ግዕረቶምን ብዝምጠወሎም ቑራቦን ዝታለሉ ኣብ ሳሌዳ ህግደፍ ዊዒሎም ኣብ ውዳሰ ሓይለ ሰይጣን ዝሓድሩ ብዘይካ ምኽሳዕ ከብዶም እንበር ድምጺ ጥምየት ከብዲ ጎሬቤቶም ዘይሰምዑ'እምበር ወሊዳ ሃገር,,,,,,,,,
ከሰዐ ኣደ ጉራምራ,,,,,,,,,,,,,,



ብዘይካ'ዚ ሓርነት'ዚ
ካልእሓርነትየለን,,,,, ብርግጽ!



ግዜ መግዛእቲ ዘይፈረዶ ግፍዒ
ኣብልዕሊመንእሰያትና

,




ኣንስቲ ሰዋእትናን ደቂ ሰዋኣትናን ኣብ ጎደና
,ካልእ ሓርነት የለን

*እወ እንተኾይኑ መልሰኻ ከም ኩሉ ኤርትራዊ ኣበይ ኣሎ እቲ ዓይንኻ ዝራኣዮ ሓርነት?ዜጋ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ተደላዪ ኣብ ዝኾነሉ ህሞት ካይ ዋዓለ ካይ ሓደረ ኣብ መንበረ ፍርዲ ከቕርብ ሓርነት ከማና ሃገርን ህዝብን ዘለዎም ሓርነት ዝጉልባቦም ሰባት እና ተጠቀሙሉ ኣብ ሃገርና ዘሎ ሓርነት ዳኣ እንታይ ከይነ ኢሉ'ዩ ዜጋታትና ብዘይ ገበን እሞ ድማ ብዘይፍርዲ ኣብ ጎዳጉድን ሽላታትን ክበልዩ ወሲኑ?ዜጋ ኣብ ገዝእ ሃገሩ ርእይትኡ ክህብን_ዝመሰሎ ክዛረብን ሓርነት የቡሉን'ድዩ? መልሰኻ ኣለዎ እንተኾይኑ እዚ ሓርነት'ዚ ድኣ ኣበይ ተሰወረ ?ንምንታይ'ከ ከም ቁሪ ኣብ ሃገርና ይፍራሕ ኣሎ?ኣነ ኣብዚ ሞያ ናትካ ካብ ዘለው ዜጋታት ሓደ'የ።እስኪ ከዘኻኽረካ ተስፋእለም፡ ሓንቲ ካብተን "ብዓይነይ ዝራኣኽዎ ሓርነት ኣይክሕድን" ዝበልካየን ሓርነታት ኣብ ግዜኡ ንኩላትና ዘቖጣዓትና ኣብ ልዕሌኻ ብጸጥታ ህግደፍ ዝተወሰደት መፈራርሒ መጥንቀቕታ እስኺ ከዘኻኽረካ ኣብ ሻምሩክ ካፌ ኣምሓርኛ ደርፊ ብምድራፍካ ጥራሕ ዝተዋህበካ? መፈራርሒ ታህዲድ ሓርነት ስለ ዝነበረካ ወይ ስለ ዘሎ ድዩ?ከም ስነ-ጥበባውን ሙዚቃ ኣድማስ ከምምኻኑ መጠንን ቃሕ ዝበለካ ሙዚቃ ክትጻወትን ከተጻውትን ሓርነትካ መን መንጠሎ? ካብተን ኣብ ዕዳጋ ሃገር ዝዘርጋሕካየንን ንህግደፍ ከተደስት ካብ ዘዳለኻየንን ደርፍታት ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ሳንሱር ከተግብር ኣይተገደድካን ዲኻ? እቲ ዚኾነ ዜጋ ብዝመሰሎን ዝኽእሎን ናይ ስነ-ጥበብ ተውህብኡ ዝደለዮ ክገልጽ መሰል እለዎ ዝብል ሓርነት ዳኣ ኣበይ ተሸርበ?ተስፋኣለም ምናልባት ረሲዕካዮ ትኸውን እንበር ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዛራ ንስኻን ከማኻን ዝበሉ ዜጋታትን ከመይ ህይወት ትሕልፉ ከም ዝነበርኩምን ነቲ ሽዑ ዝነበረ ሓርነት ክዘኻኽረካ ምደለኹ ።ምናልባት ትርጉም ሓርነት እዚ ዝርእዮ ዘለኹ ጥራይ እየ ዝፈልጥ እቲ ብእዝነይ ዝሰማዕክዎ ሓርነት ኣይራእኹን እንተ ኢልካ ኣርእስቲ ደርፍኻ ኣንፈቱ ሲሒቱ'ሎ።ትርጉም ሓርነት ክትፈልጥን ከተፍልጥን ዕድል ብዘይ ምርካብካ ከምቶም ልቦም ኣሸፊቶም ስቕ ዝመረጹ ድምጻውያን ሃገርና ትም ምበልካ ።እንተዘይ ኮይኑ ካልእ ሓርነት የለን ብምባል ነቲ ሓርነት ብምስኣኑ ናብ ሓርነት ዘለዎ ቦታ ኣርሒቑ ዝጠፍኣን ዝጠፍእ ዘሎን ከምኡ'ውን ነቲ ሓርነት ብሂጉ ሓርነት ካይረኸበ ብከርተት ኣብ በረኻታት ኤርትራን ቤት ማእሰርትታትን ተሃድሶታትን ዕድሚኡ ዝጠፍኣን ዝጠፍእ*



**መንእሰያትና ኣብ ፈቕዶ ጎደናታት ስደት**

*ዘሎን፡ካብ ሕቕፊ ወለዱ ተመንጢሉ ኣብ ሳህራን ሲናን ጸሊም ከብዱን ኩሊቱን ዝሸየጥ ዘሎን ኣብ ባሕሪን ቀላያትን ዝጠፍእ ዘሎን ብሰንኪ ሑሱም መላኺ ኣብ ማዓስከራት ጎረባብቲ ሃገራት ዕድሚኡ ዝጠፍእን ዘሎን ዜጋ ንእትህቦ ዘለኻ ብድዐ መዐገሲ ክልተ ግዜ ምሕሳብ ከድልየካ'ዩ፡ምኽንያቱ ህዝብና ካብ ማሙቕ ቤቱ ኣርሒቑ ዝጠፍኣን ዕድሚኡን ንእስነቱን ንከርተት ዝፈርድ ዘሎን ናይ ዓዲ ጓና ሓርነት ካብ'ቲ መጻይ ደም ዜጋታቱ ዝኸነ ዲክታትር እንተሓሸ ንምባልን ንዲክታቶር ኣይግብሪን ስለ ዝበለ እምብር በዚ ንስኻ ዘለኻዮ መንገዲ ሓባሪ ስለዝሳኣነ ኣይኮነን።ኣብ'ዛ ትርጉም ኣልቦ ደርፊ እዚ ዝስዕብ መርበባት ስብከትን ከምዚ ዝስዕብ ተረካቢ ማዕንዳ ይርከብ ።*

***ልሳን ዘዛርባ እንተረኺባ እንታይ ዘይተውሪ***
***ቕንጣብ ካይሓነኸትእንባን ኀላጉልን ተማዓራሪ***
***ልሳን ዘዛርባ እንተረኺባ እንታይ ዘይትልፍልፍ***

## ***ስጉምቲ ጻዕራማት ክትዕንቅፍ ራእን ትልምን ህዝቢ ክትኮላልፍ***
## ***ልሳን ዘዛርባ ተረኺባ(2)***

*እቲ ዘገርም ርጉጽነት እቲ ዝብሎ ዘሎ ጉዳይ ሓርነት ኣብ ኤርትራ ናይ እንባን ኀላጉልን ምኻኑ እታ ቅጣብ ካይሓነኸት ኣብ ኤርትራ ሓርነት ምህላው ከተእምነና ዝፈተነት ልሳኑ ዘየሻሙ መልሲ ንገዝእ ነብሱ ሂብዋ'ሎ።ነዚ ጻዕራም ህዝቢ ካብ ባህጉ ክትዕንቅፍን ዝነበሮ ራኢን ትልምን ባዶ ዝገበረትን መርከብ ኢሰይያስን ዋጨላቱን ዘዛርባ ብዝረኸበት ልሳን ቖርጫጭን መሰልቱን ክትኮላልፍ ፈተነታት ኣይተቓርጸን። ህዝብና ሑሩያት ዝኸፈለሉ ምኽንያት ስልጣኑ ኣብ ኢዱ ተረኪቡ ሃገሩ ብገዛእ ስታፌኡ መሪሑ ኣብ መስመር ራኢኡ ሰላም ዝዓሰላን ኣብ ጉዕዞ ስልጣኔ ብትልምን ልምዓትን ተሳትፍኡ ርግእቲ ሃገር ንኽትህልዎ'ዩ።እሞ እዚ ራኢ እዚዳኣ መን'ዩ ኮሊፍዎ?ልሳን ዘዛርባ ብምርካባ ነቲ ዘሎ ዘይክውንነታዊ ህላወ ኤርትራዊ ኣብ ሙሉእ ሓርነት ከም ዘሎ ንከተእምን'ከ ናይ መን ልሳን'ያ ቕንጣብ ካይሓነኸት ጸልማት ምስ ብርሃን ከተነጻጽር እንባን ኀላጉልን ከተማዓራሪ ዝሃቀነት።ራኢን ትልምን ህዝብና ምስ ኩሎም ጎሮባብትና ናብ ኲናት* ሃብትን ንብረትን ፡ንግብረ ሽበራ ፡ጉልበትን ዕድመን መንእሰያትና ንጊላነት ሰበ-ስልጣንን ኮኔሬላትን መሰልቶም፡ እቲ ዝርካቡ ድማ ንስደትን ከርተትን ደሙ መተርከሲ ምድረበዳታትን ድዩ ነይሩ?እዚ'ዶ ኣይከነን ዘመነ ህግደፍ ዘመነ ራኢ? ዘይ ልሳን ህግደፍን ከማኻ ዝበሉ ዘመርቱን ከ ኣየናይ ልስን'ዩ ቅንጣብ ካይ ሓነኸ ጽቡቓ ኣለና ብምባል እንባን ኀላጉልን ከማዓራሪ ዝፈተነ።*

***እንታይንምባል'ዮምከ ሙቑሓት ዝብሉና***
***ሰንሰለት ዘየለ ኣብ ኢደእግርና***
***ከም ፍትሕቲ ብተይ ንሰራሰረላ***
***ኤርትራ ትባሃል ተፈጢራ እንከላ***
***እንታይ ሕብሪ ወኒኖም ከ ሃሲስኩም ዝብሉና***
***ካብ ጸሓይ ንላዕሊ ድሚቕና ቕንከለና***

*ክውንነት ንምድፋን ድሕር ዘይበለት ናይዛ ማይቤት ግጥሚ ነቲ ሳላ ምውዳሱ ንሱን ከምኡ ዝበሉ ውሕዳትን ዝረኸብዎ ዕንደራ ዕንደራ መላእ ህዝቢ ምኻኑ ከእምነና ፈቲኑ። ሃጠውቐጠው ገዲፍና ነታ ሰንሰለት ዘየለ ኣብ ኢደ እግርና እትብል'ስከ ነስተማቕራ፡ኣብ ሃገርና ኣብ ፈቆዶ ቤት ማእሰርቲ ዓዲ ኣኣቤቶ ፡ኣሚዕጠር፡ኣንደራትዊዓ፡ ቤትማእሰርቲሓልሓለ፡ዛራ፡ገልዓሎ፡ጥሪማካንትሪ፡ተሃድሶ ስርሒታት ኣበየ ዞባታትን ኣብ ዓሰብ ዘለው ኣንደራትን ብዓቢኡ ኣብ ዓሰብ ዓዲ ንፋስ ኣብዝባሃል ከባቢ ዘሎ ቤት ማእሰርትን ወዘተ ናይ ኢደ እግሪ ሰንሰለት'ዶ ኣይኮኑን፡ብዘይ ገበን ብዘይፍርድን ምእንቲ ሓርነት ንእስነቶም ኣብ ጎቦታት ዓራግ ዘባደሙ ተቓልሶም ዘቃለሱ ጀጋኑ ኣብ ዒራዒሮን ጋሕቴላይን ብሰንሰለት ኢደ እግሮም ጥራሕ ዘይኮነ ሂወቶም ንዘልኣለም ኣይተኣሰረን'ድዩ? እምነት ግላዊ ሓርነት ክንሱ ብእምነቶም ንእስኖቶም ኣብ ጸልማት ዝበልዩ ዘለው መንእሰያትና ኣየደንጉጹኻን'ድዮም? ካብ ዝርአ ማእሰርቲ ኢደ እግሪ ማእሰርቲ ሕልናዶ ኣይከብድን? መንእሰይና ከም ቃሕትኡ ኣብ ቓሕትኡ ኣብ ዝፈትዋ ሃገሩ ካይንቀሳቀስ ብሰንሰለት ሕልና ኢደ እግሩ ኣይተኣሰረን 'ድዩ?እወ መልሰኻ እንተኾይኑ? እሞ ኣበይ ኣሎ እቲ ሓርነት ።መልሲ ዘየድልዮ ባዕሉ ዝተመለሰ ሕቶ.......እቶም በሃልቲ ሃለዋትና ምስገሮሞምን ሓርነትና ምስሓርነቶም ምስ ኣዋዳደሩን ሙቑሓት ይብሉና።ከም ልብና ክንቕሳቐሰሉ ዝግባኣና ጎደና ብወታሃደራዊ መንቐሳቐሲ ምስ ተመቕሐን ብ ኤምፒ ተኸቢቡ ወዲ መሬት ብ ጠበንጃን ገመድን ምስተኸለለን ሙቕሓት ተባሂልና።ተባሂልና ጥራሕ ዘይኮነ መመሰሊ'ውን ኮይና።ካብ ማእሰርቲ ሕልና ዘይርኣ መቑሕን ኣብ ኢደ እግርኻ ዝጽወር ካቴና ፌሮን ኣየናይ ማእሰርቲ'ዩ መቑሕ'ዝባሃል?ምናልባት ካብ ኣካላዊ ማእሰርቲ ሕልናዊ*

*ማእሰርቲ'ኳ ዝኸብድ እንተኾነ ንዓና ንኤርትራውያን ግን ኩሉ'ዩ ከቢቡና ከም ኣገላልጻኻ ሙቑሓት ጥራሕ ዘይከናስ ባዓልና መቑሕ ተቐይርና ኣብ ጋህነም ዝነብሩ ክንባሃል ዝግባኣና ፉጡራት ኮይና። ምስታ ተፈጥሮ ዘድንቓን ደፊርካ ዘይትጥመት ድምቀት ዝሓዘለት ጻሓይ ድምቀትና ኣዋዳዲርካ፡ ወደባት ይትረፍ ደላዩ ለውጢ፡ህግደፋውያን ከምዝስሕቑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። እታ ትማሊ ክትመውት ዝተመነኹምላ ጻሓይ ሞት ኣሻሕት መንእሰያትና ግሒጣ ሞታን ምቕያር ድምቀታን ግን ኣይተራእየን። እንተንሕና ግን እተን ዝርካብና ድምቕታትና'ኳ ጠፊኣናና ንሕበነሉ ክብርና ኣብ ምልክት ሕቶ ዝወድቐሉ ግዜ ኣርኪቡ ክብረት ኤርትራዊ ኣብ ፈቐዶ ሃገራት ሓሲሩ ካብ ኩቡር ባህሊ ሕብረተ-ሰብና ዝተወርሰ ግልጸት መንነትና ውን ኣብ ዛንታ ኣትዩ። ድምቀት ህግደፋውያን ድምቀት፡ሽግርን፡ስደትን፡ጊላነትን፡ ከርተትን፡ራዕድን፡ዓሕን፡ዒሕን፡ኲናትን፡ወረኲናትን።።።።።።።።።።።።።ኣበይ ኣሎ ድምቀትና፡*

***እዚ ህዝቢ በይኑ ዝመረሸ ከም ኣንበሳ***
***ዓኛቢ ስለ ዘየብዘሐ ከምዚ ሬሳ***
***ንበይኑ መኪቱ ንበይኑ ሰዒሩንበይኑ ጸሒቲሩ***
***ገና ይምርሽ ኣሎ ተምሳል ገመል ኮይኑ***
***እቶም ባሃልቲ ዝበሉ እንዳበሉ***

*ብርግጽ ዓለም ንህዝቢ ኤርትራ ኣብቲ ትማል ንትምሳሌ ዓለሙ ክመስል መሰል ናጽነቱ ኣብ ዝሓተተሉ ወቅቲ ጸማም እዝኒ ስለ ዝተቀበሎቶ ብዘይ መብረን ሓገዝን ዘራይን በይኑ ገጢሙ በይኑ በይናኣውነት ናጽነት ኣረጋጊጹ'ዩ። እዚ ግን በይኑ ናጽነት ስለዘምጽአ በይኑ ካብ ህላወ ኲውንነት ዓለምን ኀረባብትናን በይኑ ንኽነብር፡ ፍጡር እዛ ፐላኔት ከምዘይኮነ ኣብ ከበባን ዘይርጉእነትን ዝትምንዩቱ ጉዕዞ ክሕመስ ኣይነበረን። ንሃገሩ ምስኀረባብታ ሰላምን ምርድዳእን ሰናይ ተስፋን መጉዲ ምዕባለን ተመንዩ።ትምኑቱ ግን ተመንዚዑ።ንበይኑ መኪቱ ንበይኑ ሰዒሩ ንበይኑ ጸሒቲሩ ኣብቲ ሕሱም ግዜ ፡ግዜ ደሪኽዎ ።ሕጂ ውን ብርግጽ ንበይኑ ክነብር ተፈሪድዎ። ብዕጹው ፍርዲ ብእንዳ ዓምኻ ኢሰያስ። ነዚ ዝወርዶ ዘሎ ሕሰማት በይኑ ኣብ ኣምዑት ከርሱ ጸይሩ ብጸሊም ጓሂ እህ....ህ ይብል ኣሎ።*



*<u>እዚ'ውን ክሓልፍ'ዩ!! ግንድን ድማ ክሓልፍ!!</u>*

*ርዝነቱን ምስትውዓሉን ደሪኽዎ ካብ ዕለት ንዕለት ቤቱ ክትሕሸሉ ይምነ። ነቶም ብሓይሊ ካብ ሕቑፉ ዝተመንጠሉ ውላዱ ገለን ብሂወት ሬሳ ተቐይሮም ገለ መርድእ ጸይሮም ክጽበ ገበላ ስቓይ የማዕዱ'ሎ። ካልእ ሓርነት የለን'። ሩጉም ብዕራይ ትሸጠ ርግምቲ ሰበይቲ ትፈትሓ ሩጉም ውላድ ግን እንታይ ትገብሮ ዝብል ምስላ ልበንኡ ሓቅይዎ ደም ስኒ ከይንዎ። ነድሪ ዑጉስ ግን ደረት ይወልድ'ዩ። ዊዒሉ ሓዲሩ ወደስትን ተወደስትን ታሪኽ ንምቕያር እንተዘይ ኣንግሀኩም ደጊም ፍኽሰትኩም ባዕሉ ኣብ ንእሽቶ ንፋስ ክጠፍእ'ዩ።ዕለት ጸሓዩ'ኳ ድሮ ዳሃይ ጀሚሩ። ቆርጫጭ ንመምህሩ ክምህር ኣይተጸገመን። ህዝብና ብኸመይ ናጽነት ከም ዘረጋገጸን ጀጋኑ ከም ዝኸፈለን ነቶም ወዓልቱ ከበስርን ነቶም ነገርቱ ክነግርን ኣብ ቅድሚ'ቲ እንተስ ተገዲዱ እንተስ ተስፋ ለውጢ እንታይ'ኮን ይህሉ ክርኢ ዝተኣኻኸበ ህዝቢ ኣድሚጹ።*

***ከም ኣብካልእ ዓለም ኣብ ሳንዱቕ ወረቐት***
***ኣድሚጹ ኣይኮነን ጨቢጡ ናጽነት***
***ኣብ ጉድጓድ በጃ ሑሩያት ከቲቱ***
***ሩሑ ወፍዩ ኮ'ዩ ሰላም ተቀኒቱ።***

*እዚ ዝተገልጸ ማይቤት ግጥሚ ልክዕነቱ፡ ይትረፍ ነቲ ውዕለቱ ዝኸነ ህዝብና ንማንም ዝጠፍአ ኣይከነን።ግና እዞም ሕሩያቱ ብምኽፋል ብገዛእ ደሙ ዘረጋገጾ ናጽነት ንምንታይ ነይሩ? ኣብ ኀዳጉዲ ሙሩጻት ደቁ ደፊኑ እንታይ ንምርካብ'ዩ ዋጋ ከፊሉ? እቲ ጸማ ዋጋኡ'ኸ ኣበይ ኣሎ? ሎሚ መሸካዕለሊ ውሑዳት ዋዜማ ድምጺ ስቓይ ብዙሓት ክትከውን ዝተፈርደት ሃገር ንምርካብ ድዩ? ትውልዲ ወለዶ ወለዶ ከፊሉ ኣብ ገዛእ ሪሙ ከም ዓለሙ ክመስል'ምበር ወለዶ ከፊሉ ወለዶታት ክደግም ኣብ ሓሳቡ ይትረፍ ኣብ ሕልሙ'ውን ኣይነበረን ግና ሓርነቱ ሓርነት ዳግማይ ሕሰም ኮይኑ ተሪፉ ካልእ ሓርነት የለን። ትማል ትማሊኣብቲ ዝርካቡ ዕድሜኻ ዘርከብካሉ ተጠላለም ዝሕላገቱ ጉያ ህግደፋውያን ኣእላፍ መንእሰያትና ክሃልቁ ኣብቲ ንረብሓ ተረባሕቲ ተባሂሉ ዝተኣግደ ሃልሃልታ ዲሒሩ ጨለ ኢሰያስ ትርጉም ዘይብሉ ኲናት ዝሰመዮ ዕንደራ ኣብቲ ንመንእሰይ ኣፍ ዕንቒ ከይንሉ ዝነበረ ግዜ ከማኻን ወዲ ከማኻን ብዘይገበን ኣብ ኣንደራት ዝሓቐቅሉ ወቕቲ,,,,,,,,,ወዘተ ነዝን ክንዲ እዝን ዝራኣየት ነብሲ ሕሰም ኣብ ልዕሊ ወገናን ኀሬቤታን ከም ዘሎ ዘንጊዓ ኻልእ ሓርነት የለን ክትብል ብታሪኽ ዘሕትት ገበን እዩ።ምናልባት ኣብ ከብዲ ጹጉብ ጥሙይ ብዘይ ምህላው ጽጋብካ ጽጋብ መላእ ህዝብኻ ጌርካ እንተወሲድካዮ ክልተ ግዜ ክትሓስብን ኣብቲ ዝሓለፍካዮ ጥምየት ንሓንቲ ደቒቕ ክትምለስን ንላበወካ እንተዘየሎ ንሰኻን ውሑዳት ወደስትን ዘመርትን ዲያቖናት እቲ ስርዓትን ስለ ዝመቸወኩም ምቸትኩም ሙቾትና ንምግባር ኮንቶ ኣይትድከሙ ።ምናልባት ነዚ ጠላም ስርዓት ምጥላም መርገጺ ምግልባጥ ዝሓስቡ ውሑዳት ኣይሳኣኑን። ካብኣቶም እንተኾንካ ግን ኣይትሰከፍ እቲ ዝግልበጥ እቲ ዘይጣዓምን ዝኾርኾሓን ጥራሕ'ዩ። ሕልፈት እቶም ትማሊ ካብ ኀንኻ ዝተፈልዩ መንእሰያት ዘክር ኣብ ፈቖዶ በረኻታት ዝሃልቐ ዘሎ ወገንካ ስለምንታይ ኢልካ ሕልናኻ ሕተት:: ኩሉ ክሓልፍ'ዩ እንዳበለት ኣብ ትሓልፍ ዘላ ነብሲ ኣብኡ ዝተወረቐ ቓላት ቕብጸት ዘይሩጉእነትን ምስኣን ሓርነት ዝወለዶ ጉዕዞ ስደትን ብደሚቕ ቃላት ሞጓስዕ ደምን ብዝተኣስረ እግሪን ኢድን ብኻራ ኣብ ዝተጓሕጐሐ ውሽጣዊ ኣካልን ዝንበብ ዛንታ ስቓይ ኣሎ ብዕምቖት ንበብ።ውጽኢቱ ውጽኢት ምስኣን ሓርነት'ዩ።*



*ብዋጋ ዜጋ ምሽከዕላል ናይ ታሪኽ ገበን'ዩ!*

# እቶም ሰብ ሪም!!



ምንባር ዓለም ኣብ ሩሓዊ ትርጉም ህላወ መንንነት ወሳኒ'ዩ ክባሃል ሰሚዐ ኣለኹ።ሰብ ከም ሰብ ተፈጢሩ ንዝተፈጥረሉ ዕላማ ክነብር ግን ወሳኒ እንታይ'ዩ። ትርጉም ምንባር'ከ እንታይ'ዩ?መላሲ ክትረክብ ነዚ ሕቶ ብተግባር ዝመለሰ ሰብ የድሊ። ነዚ ዝወሰነ ሕልናን ኣብ ተግባራውነት ንዝወረዶ መሳናኸላትን ብድሆታትን እንታይ ምንባሩን ምግጣምን ጥራሕ ዘይኮነ'ውን ምትንታን መሰረት ክትገብር ትግደድ እዚ ኣብ ህላወ ንክብረትን ሃገርን ሃገራውነትን ንኤርትራዊ ማሃርን ሓባሪን ዘገድሰሉ ምኽንያት የለን፡፡ ትርጉም ምንባር ቅድም ቀዳድም ቀዳማይ ቦታ ህላወ ፍቅሪ ምኻኑ ገና ካይረፈደን ኣርዑት ባርነት ኣብ ማእገሩ እንከሎ ዘጥረዮ ክብሪ'ዩ።ምናልባት ወሰነ ዶቡ ብርድየቱ ዘጥረዮ ሓጹር-ኣቀማምጣ'ኳ ኣንተዘይነበረ መግዛቲ ንረብሕኡ ኣብ ዘዓለዎ ዓንኬል ናብ ረብሓኡ ብምቕያር ብዘይ ተናጸል ቀቢላን እንዳን ድሒሩ ኣብ ዘጥረዮ ክብራኣውነት ሕብረተ ሰቡ ንዝወርዶ ዝነበረ ኣይሂ ድርዕቶ ስቓይ ሕድሕድ እናተጸናንዐን እንዳተደናገጸን ምንባሩ መቐረት ክረኽበሉ ነቲ ዝወርዶ ዝነበረ ኣይሂ ሓደ ብምኻኑ ሓደ ውዳበ ክፈጥርን ሓደ ብምኻን ክብድህን ምርጭኡ' ክይኑ። ፍቕሪ ሕድሕድ ምስ ምክብባር ስለዘቐደመ ኣብ ድባብ ባና ትርጉም ሓድነት ዓወት ምኻኑ ኣብ ዝኣምነሉ በሪኽ ዘሕብን መንነት ሓኺሩ። ዕድመ መግዛእቲ ንዝርገት ሓድነቱን ኣብ ሕድሕድ ክፈጥሮ ንዝኽእል ክርዳድ ኣንነት ካይሉሕኽ ገና ቀለም ካይ ቆጸረ ቀለም ኣቐጺርዎ።ግዝእተ ሕጊ ንምንባር መቐረት ይህቦ ጥራሕ ዘይከነ ንፍቕሪ መሰረቱ ጠማሪ ሕጊ ምስዝህሉ ምኻኑ ኣሚኑ ንእምነቱ ሕብረተ-ሰባዊ ምስሉ ንምፍጣር ብየከባቢኡ ንምክብባሪን ጉድለት ሰብኣዊ ተፈጥሮ ክወልዶ ንዝኽእል ጉድለት ንምእራም ሕጊ ከስፍር ተርእዩ።እዚ እንዳባነት መሰረት ዝገበሮ ጥርናፈ ሕጊ ዘድለዮ ምኽንያት ምንባሩ ትርጉም ክረኽበሉን ክፈሪን ክነብርን ኣብ ገዛእ ሪሙ ንሪሙ ክመስልን ንሳ ንዕኡ ከምእትመስል ገይሩ ክነብራን ጻዕሩ እንዳሃበ ዝዘርኣላ ማእኮት ክትወልደሉን ነቲ ብእምነቱ ዝፈልጦ ገነት ኣብ ህያው ምንባሩ ክተግብሮን ባህጊ ስለ ዝነበሮን'ዩ። ካብ ቑራዕ ጥጥቆ ጥረ ክወጻ'ኳ ግድን እንተነበረ ኣብ ዙርያ እዚ ህዝቢ'ዚ ግን መግዛእቲ ዝፈጠሮ ኩነት ንዝርገት ጥምረት ክሰርሕ ወሳንነት ዝብህግ መስርሕ ብምኻኑ ገረብ ብሓኸላ ምጥቃም ብርኽ ዝበለ ውጽኢት ክርከቦ ከም ዝካኣል ኣብ እዋኑጉሁድ ነይሩ።ስለዝኸነ ንእሾኽ ብፈላጢታ ንምንቃሳ ተፈቲኑ ፍረ ተረኺብዎስ ደም ቡዙሕ ጥላለት መሬት ክኸውን፡ኩሎም ፍትሒ ዘይረኸቡ ክንሶም፡ እቲ ፍትሒ ዘይረኸበ ንማዳ ልቡ እቲ ፍትሒ ከም ዝረኸበ እንዳመሰሎ ዝነብር ዝነበረ ድማ ፍረ ትርኢት ፍሳስ ደሙ ንኽብሪ ሕጊ እንዳ መሰሎ ነዊሕ መንገዲ ተኸይዱ'ዩ።ውጽኢት ምንባሩ ግን ሽሕ ግዜ'ኳ ስቓይ ዝፋረቐ ዕለተ ተጻግደም እንተነበረ ነንሕድሕዱ ኣብ ዱጉል ልቡ ዝነበረ መዝገበ ስቓይ ተኣማሚኑ ይናበብ ብምንባሩ ትራኣስ ዳሂኡ ካብ ደንደስ ልቡ በጨቕ እንዳበሎ ዛሕሊ ሕድሕድ ኣይተጋደፎን ።ግን ክነብር እንተኾኑ ክነብሩ ዝግብኦም ንኻይነብሩ ክፈርድ ነይርዎ ብዘይ ምንጻግ ደም ዝሰረ ጸልማት መግዛእቲ ብዘይምህላው ካብቲ ዓሰርተ ዓመት በጊዕ ካብ ዘፍርድ ወቕቲ ሓደ ዓመት ኣንበሳ ምኻን መሪጹ፡ ነቶም ፍረ ምንባሩ ክወርሱ ዝመጹ ድማ ዘልኣለማውያን ኣናብስ ቤቶም ኮይኖም ክነብሩ ወሲኑ።ውሳኔኡ ከም ልቦና ባህሩ መሲልዎ ደሙ እንዳ ፈሰሰ ቃንዛ ኣብ ልቡ ጸይሩ ብልዙብ መንገዲ ሪመይ ካብ ምባል ኣይቦኾረን።**<u>መልሲ ሕትኡ ኣብ ደንደስ ቤትካ ንምንባርካ ግብሪ ብእትኸፍለሉ ሂወት ጥራሕ ክትነብር ዩ ዝግባኣካ ነብስኻ ከተማሓድር ኣይካኣለካን'ዩ'ም ከነማሓድረካ ዕሽር ክብረትካ ንዓኻ ወሲድካ እቲ ማእኮቱ ኣብ ከብሒ ዝፋና ኣቀምጥ ተባሂሉ።</u>**ምንባር ትርጉሙ፡ ኣብ ሪምካን ንሪምካ ብደስታን ተሳትፎ ዋኒንካን ምኻኑ ፈልጡ ጥራሕ ዘይኮነ ንባሃልቱ ኣይፋልኩምን ክብል ህዳኣቱ ቀዳምነት ንዓኡ ምኻኑ ኣሚኑ ከእምኖም ፈቲኑ ።ሓሳረ-መከራ ስፍራ ከም ዝሳእና ኣብ ደንቢኡ ክዓስላ ተውህብኡ ከምዘይከነን ኣቶም ሰብ ዝፋን ዓድ-ቦኦም ጥራሕ ክዓስዩ እዛ ሪም እዚኣ ግን ዕጫኡን ብጽሒቱን ምኻና ኣሚኑ ከእምኖም ፈቲኑ።ውጽኢት ፈተንኡ ዳግማይ ብዘይሓተሉ መንገዲ ንኽምለስ ምእንቲ ኣይሂ መድፈና ክረክብ ማሕዩርን ሕድሕድ ተናጸል ክዋሃቦ ባይቶ ጸሊም ግዝኣቶም ወሲኑ ።ግና ኣይተዳህለለን ትርጉም ምንባር ብንግሀኡ ኣብደመ ሕልንኡ ስለዘስረጸ ነቲ ጸዋግ መልሶም ፋይዳ ምስ ሳኣነሉ ብሓዊ ክዓግቶም ኣብ ተመነ ዕንቕርብዒት ጥራሕ ዘማሓድርዎ ማሕደር ሓቲቱ ሪሙ ክደሊ ናብቲ መጀመርያ ዝነብሮ ዝነበረ ናብራ ጸግደምደም ክምለስ ቢሂጉ። ዕለት ቃልሱ ክሓጽርን ሪሙ ከም ሪማት ከባቢኡ ክትመስልን ከብዱን ስሚዒቱን ቀጺዑ ንዕለት ክነብራ በላዕቲ ሳዕሪ ጥራሕ ዝምክሕሉ መግበ ቆጽለ-መጽሊ ንሳቶም ጥራሕ ዝንየትሉ ዑቛርን ወሓይዝን ምስኦም ተማቒሉ ካይተፈላለየ ሃገር ከም ሓደ ነገር ተጠሚሩ ንምጥፍኡ ባሕሪ ተፈርሺሑ ክንሱ ትንፋሱ ሓብኡ ኣብ ውሻጠ ማዕበል ፍጡር ዘይተዓደሎ ጽንዓት ኣጥርዩ ኣነን ሪመይ ጥራሕ ኣድሚጹ ንምንባር ጎዶሎ ምንባር ከፊሉ ክነብር ምንባሩ ሂቡ ምኻድ ወሲኑ።ምስ ኩሉ ገፊል መፊሉ ደም ስኒ ካብ ጡፍ ትብሎ ትውሕጦ ከይንዎ ዝበዝሕ እንዳፈለጦ ዝዋሓደ ጽምኣት ምግዳሉ ንጋህዲ ክገብሮ ዝደለየ ክውንነት እንዳ ወጠጦ ምዕራፍ ሰላሳ ዛዚሙ ኣብ ሳላሳን ሓደን ተስፋ ተስኪሙ ንብዓት ያኣክል ወፊርና ምምላስና ተዘሪእና ምፍራይናን ንባዕሉ ህላወዩ፡ ስለዚ እቲ ዝተረፈ ብምትራፉ ዘልኣለማዊ ነባሪ ብምኻኑ ንሕና ግና ንግዝኡ ነበርቲ ኢና'ም ዓደ'ቦና ሰላምን ራኢን ዘለዋ ክትከውን ክንኮኖ ዘለና ጥራሕ ንሕሰብ ንጀምር ኣድሚጹ ።ሽም ክሳብ ዝመጽእ ሪም ዓደቦ ከምጽእ ውዳበ ጉዕዞ ዝመርሐ ግዝያዊ ሽም ሽሞኛ ባዕሉ ክይኑ።ምናልባት የታልል'ዩ'ም ክሳብ ውዳሰ ረቡዕ ንሱ ክጸንሕ ደስደስ ግዜኡ ኣታሊሉ ይኸውን ግና ብንግሀኡ መን ምኻኑ ዝፈለጠት ልሳን ደቂ ሪም ሽሞኛ ዓዲ ዕርበት ደቂ ሪም ብዝሓደሰ መልክዕ ከም ዝቕጽሎ ተነብዩ።ከምኒ ዓለም ከባብ ብምኻናን ኣብ ዙርያ ጻሓይ ከም እትኾልልን ኣብቲ መሃይም ዝነበረሉ ዓለም ብምምሃሮም ንሞት ዝተፈርዱ ሳቕራጦስን ናይ ግዚኡ ሙሁራትን፡ ንትንቢት ሰብ ሪም ሕማቕ ፋል ጥራሕ ዘይኮነ ኣንድነታውያንን ናፈቕቲ መርዛም እዋን ምኻኖም ብእንዳ ሽም ብዝተውህበ ሓቤሬታ ንደንበ ሪም ደቀ'ባት ኣታሊልዎም ።ሽም ዓዲ ክነብር ዳሃይ ቶኽስን ድምጺ ቶኳስን ጥራሕ ስለዘድልዮ ኣብኡ ጥራሕ ክነብር'ውን ስለ ዝኽእል ጥበብ ብህይወት መርጹ።እዋኑ ዳግም ክራኣ ዘይተባህገ ኩናትን ወረ ኩናትን




*ኣንጠጥዩ ወፍሪ ቀዳሞት ካይነቐጸ ወፍሪ መላምል መንእሰያት ኣርኪቡ ልቢ ደቂ ሪም ሕጂ' ከ ናበይ በሉና ጥራሕ ከድሂ ተሰሚዑ። ብየመን ዝነፈሰ ንፋስ ናብ የመን ከንብሎ ሃየ ደም ሃብና ተባሂሉ። ዝነበራን ተረፍ ጸዋግ ዘመንን ዕረፍቲ እንዳናፈቓ ዘልኣለም ተወፍየን ።ኣምላኽ ከሕወሶ ከብዲ ክርህራሃሎም ዳግም ኩናትን ወሪኡን ከጠፋሎም ሰብ ሪም ናብ ዝፋን ኩሉ ዝኽእል ተማሕጺኖም።ግና ኣይሰመረን ዳግም ምዕራባዊ ንፋስ ነፊሱ ተባሂሉ ኣንፈተ ዓይኒ ሰብሪም ናብ ጎሬቤቶም ሱዳን ተጠውዩ።ሽም ዓዲ ከንዲ ጣውላ ጉስጢ ጥራሕ ይሰልጥ ብምባሎም ሎምስ ይኾንና'ዮም ዝበሎም ሰናይ ዝበን ዝተመነየሎም ደቁ ክሓቑ ፍርዲ ብዘይይግባይ ተበይኑ። ትርጉም፡ ምንባር፡ ከም ባህጊ ልቡ ኣይቀደወን፡፡,,,,,,,,,,,,,,,,,,,*

---

*2ይ ክፋል ኣብ ዝቕጽል ሕታም።*

***ንፍሽኽታ***

*ኢሰያስ ሩባ ጋሽ ብእግሩ ክሳገሮ ክብል ኣብ ማእከል ውሕጅ ምስ በጽሐ ውሕጅ ሓይሊ ወሲኹ እንዳ ኣንከራረወ ይወስዶ።ዝሕዞ ጠፊእዎ ፈንጠርጠር እንዳበለ ኣንከሎ፡ሓደ ኣብቲ ከባቢ ዝነበረ ሓረስታይ ዘሊሉ ካብቲ ውሕጅ የውጽኦ ምድሓኑ ዘረጋገጸ ኢሰያስ "ሰሚዕኻ ንኢሰያስ ካብ ውሕጅ ኣውጺኦዮ ኢልካ ትዛረብ ሂወትካ ቅበጸ ከጥፋኣካ'የ። ክብል የፈራርሆ።ወዮ ሓረስታይ ትቕብል ኣቢሉ ኣንታ ናትካ ፈኸራስ ዳሓን ነይሩ "ንኢሰያስ ካብ ሞት ኣድሒነዮ ኢለ ተተዛሪበ ህዝቢ ኤርትራ ብምላኡ ከም ዝጥሕረኒ ስለዝፈልጥ ንባዕለይ ክብል ኣይውዕሎን'የ" ኢሉ መለሰሉ*

ኣትሌት፡ዘርእሰናይ *ታደሰ መኪና ተሸሊሙ ተባሂሉ፡ሒዝዋ ንክኣቱ፡* ኣባላትጉምሩክ፡*"እንታዋይ ኢኻ ንስኻ ቀረጽ ከይ ከፈልካ መኪና ተእቱ"*፡ *ኢሎም ምስ ኣዋጠርዎ፡*

*"ኣነ ናይ 10000 ሜትሮ ጉያ እግሪ ኦሎምፒክ ዝተዓወትኩ'የ"*

ምስበሎም፡

*"ትም በል በጃኻ 30 ዓመት ጎይና ኸማን ኣይተዛረብናን ትኸፍል ክፈል እንተዘየሎ መኪናኻ ተሃጊራ ኣላ፡ በልዎ ይበሃል።*

***"ኣብ ዝኾነ ኩርናዕዝ ዓለም ለውጢ ብዘይ ዋጋ ኣይተረጋገጸን፡ መቑሕ ንምስባር ግን፡ ሓድነት መተካእታ ዘይብሉ እንኮ ምርጫ'ዩ!!!!"***

## ***ሰብ እከይ ዕላማ***

*እቶም ኣምለኽቲ መላኺ*
*ምስ ተጣቕዐ መጣቓዕቲ*
*መግብሮም ዘ-ኢትነግር ሰብ ደመ ሕብሩ*
*ኣብ ክፋኣት ውዒሎም ኣብኡ ዝሓድሩ*
*ውዳሰ መጠውቲ ስቓይ ወገኖም ዘይዝክሩ*
*ንዕኦም ከምስሉና*
*ሓሓሳብና ከለና ሓደ-ልቢ ሓደ-ህዝቢ ዝብሉና፡*
*ኣያኦም ኣኬልዳማ ንሶም ጥራሓ ፍሕኛ*
*ሓደ ረሳሕ ልቢ ምስ እከይ ዕላማ!!*

# ልዑላውነት ስልጣን ሃገረ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ኩነት ናይ ህዝቢ'ዩ!!

# ድሕነት ህዝብን ሃገርን፡ ልዕሊ ኩሉ!!